ኢፕድ

# ወጋሕታ

4ይ ዓመት ቑፅሪ 30 29 ጉንበት 2016 ዓ.ም

ሓሙስ

ብር 10.00



# ርክብ ኣፍሪካን ኮርያን ንናይ ሓባር ዕብየትን ድሕንነትን ቐዳምነት ክዋሃብ ይግባእ

**• ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ሪፓብሊክ ኮርያን ናይ 1 ቢልዮን ዶላር ስምምዕ ተፈሪሙ**

መኣርግ ገ/ሄር፣መሰረት ገብረዮሃንስ

ኣዲስ ኣበባ፦ ርክብ ኣፍሪካን ኮሪያን ብመንፅር ሕዚ ካብ ዘሎ ዓለምለኸ ኩነታት ንሓባር ዕብየትን ድሕንነት ቐዳምነት ሂብካ ክስራሕ ይግባእ ክብሉ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ(ዶ/ር) ተዛሪቦም። ብተወሳኺ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ሪፓብሊክ ኮርያን ናይ 1 ቢልዮን ዶላር ስምምዕ ተፈሪሙ።

እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብ ጉባኤ ኣፍሪካ-ኮሪያ ኣብ ዝገበርዎ መደረ፤ ብምንፅር ሕዚ ካብ ዘሎ ዓለምለኸ ኩነታት ርክብ ኣፍሪካን ኮሪያን ቐዳምነት ክወሃብ ዘለዎ ናይ ሓባር ዕብየትን ድሕንነት ክኸውን ይግባእ ኢሎም።

እቲ ጉባኤ ኣብ መንጎ ኣፍሪካን ኮሪያን ዘሎ መፃኢ ርክብ ንምጥንኻር ዕድል ዝህብ 'ዩ ክብሉ ኣረዲኦም። ኣብ መንጎ ኣፍሪካን ኮሪያን ዘሎ ርክብ ዝተጀመረ ኣብ 1950ታት

ርክብ ኣፍሪካን ኮርያን... ገፅ 6



መስፍን ኣርኣያ (ፕ/ር)

# ኣጀንዳታት ምፍላዮም ፍርቂ መንገዲ ናይቲ ምኽክር ዘራመደ 'ዩ

**• ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣጀንዳ ንምእካብ ዝካየድ ዝነበረ ምዕራፍ ምኽክር ተዛዚሙ**

መሰረት ገብረዮሃንስ

ኣዲስ ኣበባ፦ ኣጀንዳታት ንምፍላይ ምኪያዱ ኣብ ከይዲ ምኽክር ፍርቂ መገዲ ዘራምድ 'ዩ ክብሉ ዋና ኮምሽነር ኮምሽን ሃገራዊ ምኽክር መስፍን ኣርኣያ (ፕ/ር) ተዛሪቦም፡፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ናይ ኣጀንዳ ምትእኽኻብ ምዕራፍ ምኽክር ብቐድሚ ትማሊ ተዛዚሙ፡፡

እቶም ዋና ኮምሽነር ንሸውዓተ መዓልቲ ዝፀንሐ ናይ ኣዲስ ኣበባ ኣጀንዳ ምእካብ መድረኽ ብዝተሳኸዐ ኩነታት ምዝዛሙ ኣመልቶም ጋዜጣዊ መግለፂ ሂቦም፡፡

ኣብ እዋናዊ መሰረታዊ ሃገራዊ ብዝኾኑ ጉዳያት ንዘለዉና ምፍልላይ ሓሳባት ከምኡ 'ውን ብተደጋጋሚ ዘተኣናገድናዮምን እናተኣናገድናዮም ዘለና ብርኪ ብብርኪ ንምቕራፍ ንክንኽእል ኣጀንዳ ንምፍላይ ምኽኣልና ፍርቂ መንገዲ ዘራምደና 'ዩ ኢሎም፡፡

ኣብ ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ

ኣጀንዳታት ምፍላዮም ... ገፅ 6

# መንግስቲ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ንምፍፃም ዝኸዶም ክያዶታት

መኣርግ ገ/ሄር

ከም ዝፍለጥ ኣብዛ ሃገር ብፍላይ ምስ ናይ ለውጢ መንግስቲ ተተሓሒዙ ኣብ መንጎ ህወሓትን መንግስትን ፖለቲካዊ ዘይምርድዳእ ኣጋጢሙ እዚ ፖለቲካዊ ዘይምርድዳእ ድማ ብፖለቲካዊ ዘተ ክፍታሕ ብዘይምኽኣሉ ናብ ጎንፂ ኣምሪሑ 'ዩ፡፡

ኮይኑ ግና እዚ ድሕሪ ብዙሕ ክሳራታት ዋላ ይኹን ኣብ 23 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ፕሪቶሪያ ብዝተገብረ ስምምዕ ሰላም ብዙሕ መፍትሒ ረኺቡ 'ዩ፡፡ ነዚ ስዒቡ መንግስቲ ብመሰረት ስምምዕ ሰላም ኣብ ትግራይ ብዙሓት መሰረታዊ ግልጋሎታት ናብ ንቡር ክምለሱ ገይሩ 'ዩ፡፡

ምስ እዚ ተተሓሒዙ ኣባል ፓርቲ ትዴፓ ዝኾኑ ኮማንደር ገብረመስቀል ገብረሚካኤል ንጋዜጣ ወጋሕታ ከምዚገለፅዎ፣ መንግስቲ ስምምዕ ፕሪቶርያ ንምፍፃም ብዙሕ ርሕቐት ተጓዒዙ 'ዩ፡፡

ኣብ መንጎ መንግስቲ ፌዴራልን ህወሓትን ዝተበፅሐ ስምምዕነት ሰላም ስዒቡ መንግስቲ ፌዴራል ኣብ ትግራይ ብዙሓት ኣወንታዊ ነገራት ሰሪሑ 'ዩ ይብሉ፡፡

ሕዚ 'ውን መንግስቲ ብዝግባእ ሓላፍነቱ እናተዋፀአ

መንግስቲ ስምምዕ... ገፅ 6



# ኣዋጅ መረፃ፣ ምዝገባ ፖለቲካዊ ፓርቲታትን መመሓየሺ ስነ-ምግባር መረፃን ኢትዮጵያ ፀዲቑ

ገፅ 7

**‹‹መንግስቲ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ንምፍፃም ብዙሓት ስራሕቲ ሰሪሑ 'ዩ››**

- ኮማንደር ገብረመስቀል ገብረሚካኤል

ገፅ 5

**‹‹ምኽክር እንትባሃል ኹላትና ብሓደ ሰዓርቲ ዝገብረና ማለት 'ዩ››**

- ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ(ዶ/ር)

ገፅ 4

# “ሃገራዊ ምኽክር ንኹሉ ሰዓራይ ዝገብር ‘ዩ”

## - ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር)

በሪሁ ኣረጋ

ኣዲስ ኣበባ:- ሃገራዊ ምኽክር ንኹሉ ወገን ሰዓራይ ዝገብር ምዃኑ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ገሊፆም።

ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ኣብ ማሕበራዊ ምትእስሳር ገፆም ኣብ ዘመሓላለፉዎ መልእኽቲ ከምዝበልዎ፤ ኵናትን ለውጥን ዝተማልአ ፍታሕ ዘየምፅኡ፤ ሰዓራይን ተሰዓራይን ስለዘስዕቡ ‘ዮም። እንተዘንግዐ ‘ውን ተስዓራይ ንምስዓር ይቃለስ፤ ዝሰዓረ ‘ውን ዓወቱ ንምሕላው ይቃለስ። ምኽክር ግና ንኹሉ ‘ዩ ሰዓራይ ዝገብር። እንተተሳዒርና ኹላትና ንሃገርና ኢልና ኢና ንሰዓር ኢሎም።

ኵናት ነይርናዮ ኢና። ዝተወሰኑ ፀገማትና ፈቲሕናሉ ኢና። ለውጢ ደጋጊምናዮ ኢና። ዝተወሰኑ ፀገማትና ፈቲሕናሉ ኢና ዝበሉ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር)፤ ብኽልቲኦም ንዘይተፈትሑ ፀገማት ንምፍታሕ ዝተረፈና መንገዲ ምኽክር ‘ዩ። ምኽክር ግና ኣይተጠቀምናሉን ኢሎም።

ኸይዲ ምኽክር ሰለስተ ነገራት ከምዘርክብ ገሊፆም፤ እዚኣቶም ንኹሉ እንተዘይኮነስ ቐንዲ ቐንዲ ፀገማት ከምዝፈትሕ፤ ኵናት እንተዘይኮነስ ምኽክር ባህሊ ንክኸውን ከምዝገብር፤ ኣብ



መንጎ ተፃረርቲ ሓይልታት ምቅርራብን ምርድዳእን ከምዝፈጥር ጠቒሶም።

ነዚ ምቅርራብ ብምጥቃም ‘ውን ቐፃሊ ኣብ ጉዳያት እናተዘራረብና ንምቕፃል ከኽእለና ‘ዩ ዝበሉ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፤ ብምዃኑ ‘ውን ነዚ ዕድል ከየበላሸውና ናብ ዝተማልአ ዓወት ንኽነሰጋግሮ ይሓትት ክብሉ መልእኽቶም ኣመሓላሊፎም።

# ተማሃሮ ብኦንላይን ምፍታን ዘለዎ ረብሓ

መሰረት ገ/ዮሃንስ

ብኦንላይን ምፍታን ንስሕተት በሪ ኣይኸፍትን:: እዚ ድማ ንኣብነት ብወረቐት መልሲ እንትወሃብ ኣብ ከይዲ ምፅላም ወይ ምልክት ምግባር ተምሃሮ መልሲ ከይሃቡ ክሓልፉን ክርስዑን ዝኽእልሉ ወይም ኣብ መልሲ ቅየራ እዋን ናይ መልሲ መውሃቢ ወረቀት ምጉዳእ፣ ኽልተ መልሲ ምፅሓፍ፣ ኣጋጣሚታት እንትህልዉ ከምኡ 'ውን ካብ ሓደ ሕቶ ናብ ካሊእ ብምሕላፍ ገፅ ምግልባጥ ወዘተ ክህልዎም 'ዩ::

ብኦንላይን እንትኾን ግና ዘይተመለሱ ሕቶታት ከምዘለዉ ዝሕብር ብምዃኑ እቲ ሓደ ከይመለሱ ናብ ካልእ ሕቶ ብሓደ «click» ናይ ምኻድ ከምኡ ድማ ተመሊስካ ምስራሕ ዝደለይዎ ሕቶ «flag » ብምግባር ተመሊስኻ ናይ ምስራሕ ዕድል ይህብ 'ዩ::

ካብ ግዜ ምቑጣብ ኣንፃር ድማ ኣብ ወረቐት መልሲ ኣብ ምፅላም ዝባኽን ግዜ ብምትራፍ ብሓደ «click» ሕቶ ፈተና መልሲ ንምሃብ ዘኽእል 'ዩ:: ከምኡ 'ውን ክንደይ ዝኣክል ደቒቓ ከምዝተጠቐመ ካብ መፈተኒ ስክሪን ምርኣይ ስለዝካኣለ ግዜ ብኣግባብ ንምጥቃም ዘለዓዕል 'ዩ::

ዝተመሓየሸ ናይ ሓበሬታ ቦታ ኣለዎ:: ፈተናታት ኦንላይን እኹል ናይ ፈተና ሓበሬታ ድሕንነቱ ብዝሓለወ መልክዑ ብምእካብ ንተፈተንቲ ኣመጣጢኑ ዘቕርብ 'ዩ:: በዚ ኸዚ ፈተና ተምሃሮ ዝፍተንሉ ኣከባቢ ኣንፃር ብ5 ክላስተራት ብምምዳብ፤ 5 ናብ ፈተና መእተዊ መፈንጠሪ (URL) ተዳልዩ 'ዩ:: እቲ መፈንጠሪ ዝተፈላለየ ዝኾነሉ ምኽንያት ኣብ እዋን ፈተና ዘሎ ምጭንናቕ ኢንተርኔት ንምቕናስ እንበር ብዝተውሃበ ሊንክ ዝኣተወ ዝኾነ ክልልን ከተማን ዘሎ ተምሃራይ ዝኣትወሉ ቋት ፈተና ብኻሊእ መፈንጠሪ ምስ ዝኣተወ ተምሃሪ ተመሰሳሊ 'ዩ::

ኦውቶማቲካሊ ዝተሰርሑ ሕቶታት መልሲ ብባዕሉ ዝልእኽ 'ዩ ::ኣብ እዋን ፈተና ሕቶታት ሰሪሖም ከይዛዘሙ ዝተውሃበ ደቂቃ እንድሕር ተዛዚሙ ኦዉቶማቲካሊ ዝሰርሕዎ ኹሉ ባዕሉ 'ዩ ዝልእኽ::

ፈጣን ግብረ መልሲ 'ዩ ዝህብ:: ፈጣን ኣወሃህባ ውፅኢትን ግብረመልስን፣ ብኦንላይን ፈተናታት እንትወሃቡ ውፅኢቶም ካብ ካልእ እዋን ብዝተፈለየ ቀልጢፉ ናይ ምፍላጥ ዕድል ይህልዎ::

ተምሃሮ ኣብ ገዝኦም እናሓደሩ ንክፍተኑ ዕድል ዝህብ 'ዩ:: ቤት ትምህርትታት ዝተወደበ ቤተ ፈተነ እንተሃልይዎምን ናይ መፈተኒ ክላሰር ንምዃን ኣድላይ መመዘኒ ምምለኦም ምስተረጋገፀ ተምሃሮ ኣብ ዝተምሃርሉ ቤት ትምህርቲ ኾይኖም ንክፍተኑ ዕድል ዝፈጥር 'ዩ::

# ‹‹ኣብ ናይ ሎሚ መርሃ ግብሪ ሓመላዋይ ዓሻራ ፈለስታት ፍራምረ ብኹታ ገጠም ክትክል 'ዩ››

## - ምኒስትር ግብርና

ኣብርሃ ሓጎስ

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብናይ ሎሚ መርሃ ግብሪ ሓመላዋይ ዓሻራ ፈለስታት ፍራምረ ሳይነሳዊ ትሕዝትኡ ሓልዩ ብኹታ ገጠም ንምትካል ምድላዋት እናተገበረ ምዃኑ ሚኒስተር ግብርና ገሊፁ።

ፈልሲ ፍራምረ ሳይንሳዊ ትሕዝቱኡ ብዝሓለወ መልክዕ ብኹታ ገጠም ንክትከል ዘኽእል ዝመክር መድረኽ ኣብ ኣዳማ ተኻይዱ።

ኮሚቴ ፀሓፊ ብሔራዊ ምተሓባበሪ መርሃ ግብሪ ሓምላዋይ ዓሸራ ሚኒስተር ግብርና ኣይተ ፋኖሴ መኮንን ከምዝገለፅዎ፤ ኣብ ናይ ሎሚ መርሃ ግብሪ ሓምላዋይ ዓሸራ ንዘፈር ፍራምረ ብዙሕ ረብሓ ዘለዎም ኣእዋም ትኹረት ዝሃበ 'ዩ።

ናይቲ መድረኽ ዓላማ 'ውን ፍራምረ ሓዊሱ ብዙሕ ረብሓ ዘለዎም ኣእዋም ብዝተዋደደ መልክዕ ብኹታ ገጠም ንምትኻል ካብ ብሐዚኡ ግቡእ ምድላው 'ዩ ኢሎም።

ንናይ ሎሚ መርሃ ግብሪ ተኸላ ፈልሲ ዝተፈላለዩ ግልጋሎት ዝህቡ ፈልስታት ምድላው እናተገበረ ምዃኑ ብምሕባር፤ ተኸላ እቲ ፈልሲ ብፍላይ ኣብ መፋስስ ኣባይ ኣከባቢ ትኹረት ተገይሩ ከምዝስራሕ ተዛሪቦም።

ብተወሳኺ ኣብ ኩሎም ተፋሰስቲ ከባቢያዊ ስነ ምሕዳርን ብዘማኸለ መልክዕ ፈልስታት ክትከሉ 'ዮም ኢሎም።

ብተመሳሳሊ ኣብ ከባቢ ከተማታት ናይ ፅባቀን ፍራምረን ተኽልታት ብትኹረት ከምዝትከሉ ኣፍሊጦም።

ኣብቲ ሚኒስትር መራሒ ስራሕ መፈፀሚ ሆርቲካልቸር ኣይተ ኣብደላ ነጋሽ ብወገኖም፤ ፍራምረን መፍራይነትን ንምዕባይ ዝባዝሑ ተኸላ ፈልስታት ተከላ ሳይንሳዊ ትሕዝትኦም ምሕላው ክሕለው ኣለዎም ኢሎም።

ዕዳጋ መሰረት ዝገበረ ብኹታ ገጠም ብልሓት ነቲ ልምዓት ብምክንዋን ድልየታት እታወታት ኢንዱስትሪ ምምላእ ንኽክኣል ሸቶ ተቀሚጡ እናተሰርሐ ምዃኑ ተዛሪቦም።

ስለዝኾነ ካብ ምድላው ፈልስን ጉድጓድን ጀሚሩ ብዝተፈለየ መልክዑ ንክከናወን ግቡእ ኣፍልጦ፣ ፍልጠትን ክእለትን ንምትሓዝ ዝተዳለወ መድረኽ ምዃኑ ገሊፆም።

ንግልጋሎት ምግብነት ዝውዕሉ ዘርእታት ፍራምረ ብፍላይ ኣቮካዶ፣ ሙዝ፣ ተምሪ፣ ፓፓያ፣ ማንጎን ካልኦት ፈልስታትን ብኹታ ገጠም ንምልማዕ ውድላው እናተገበረ 'ዩ ኢሎም።

ኣብ ናይ ሎሚ ውድላው መርሃ ግብሪ ሓምላዋይ ዓሸራ ዝሐሸ ስራሕ ምህላው ዝሓበራ፤ ድማ ኣብ ደኒ ልምዓት ኢትዮጵያ ኢንስቲትዩት ሓምላዋይ ልምዓትን ሰብ ሰራሕ ደንን መራሒ ስራሕ መፈፀሚ ኣይተ ኣበሩ ጠናው 'የን።

ፈልስታት ንክፀድቁ ምድላው ጉድጓድ ወሳኒ ግደ ከምዘለዎ ሓቢሮም፤ ክሳብ ሐዚ ምድላው ጉድጓድ ዝሐሸ 'ዩ ኢለን።

ናይ ደኒ፣ ፈልስታት ፅባቀን ፍራምረን መትከሊ ቦታ ብዝ ህብዎ ግልጋሎትን ከም ፀባይ ኣየሩን ተፈልዩ ነናብ ቦትኡ ንክጎዓዓዝ ካብ ብሐዚኡ ትኹረት ምሃብ ከምዝግባእ ኣረዲኣን።



# ከተማታት ትግራይ ፅሩያትን ንምንባር ምችዋትን ናይ ምግባር ስራሕ በምውዳድ ይስራሕ ኣሎ

ኣብርሃ ሓጎስ

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ክልል ትግራይ ፅርየተን ዝሓለዋን ምቹዋትን ከተማታት ንክህልዋ ይስራሕ ከምዘሎ ጊዚያዊ ምምሕዳር እቲ ክልል ኣፍሊጡ።

ብሓምላዋይ ልምዓት ዝወቅባ ፅሩያትን ንምንባር ምችዋትን ከተማታት ንምፍጣር ልዕሊ 300 ሚሊዮን ብር ብምምዳብ ስራሕ ምጅማሩ ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ምፍላጡ ግዜኢ ፀብፂቡ።

መርሃ ግብሪ ፅርየትን ሓምለዋይ ልምዓትን ከተማታት እታ ክልል ብመንግስቲ፣ ህዝቢን ሰብ ሃፍቲን ዝተዋደደ ጎስጓስ ምጅማሩ እቲ ምምሕዳር ገሊፁ።

ዳይሬክተር ሓምለዋይ ልምዓትን ፅባቐን ቢሮ ልምዓት ከተማን ኮንስትራክሽንን እቲ ግዚያዊ ምምሕዳር ኣይተ ኣዳነ ገብረፃድቕ ከምዘገለፅዎ፤ ኣብ 13 ከተማታት እታ ክልል ፅርየተን ዝሓለዋን ምቹኣትን ከተማታት ንክህልዋ ዝተዋደደ ጎስጓስ ተጀሚሩ ከምዘሎ ገሊፆም።

ነዚ ድማ ካብዚ ወርሒ ግንቦት 2016 ዓ.ም ጀሚሩ ክሳብ ዝቅፅሉ ኣዋርሕ ክረምቲ ኣብ ወሰና ወሰን መገዲታት ፈልሲ ንምትካል ምድላው እናተገበር ከምዘሎ ተዛሪቦም።

ካብቲ ዝተመደበ በጀት ውሽጢ ልዕሊ 100 ሚሊዮን ብር ዘኸውን ካብ ሰብ ሃፍቲ ዝተረኸበ ምዃኑ እቲ ዝተረፈ ገንዘብ ድማ ብግዝያዊ ምምሕዳር እቲ ክልል ዝተመደበ ከምዝኾነ ኣይተ ኣዳነ ኣረዲኦም።

ኣብ ከተማታት ስራሕ ምፅራይን ምውጋድን ፈሳስን ደረቅን ብስፍሓት እናተኸወነ ከምዝርከብ 'ውን ኣልዒሎም።

በዓል ሃፍቲ ከተማ አክሱም ዝኾኑ ኣይተ ሙሉ ተፈራ፤ ከተማታትና ምልማዕን ንናብራ ምቹው ናይ ምግባር ስራሕ ንመንግስቲ ጥራሕ ዝሕደግ እንተይኮነስ ናይ ነበርቲ፣ ሰብ ሃፍትን ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላትን ተሳትፎ ከምዝኾነ ኣመልኪቶም።

ኣብ ከተማታት ዝተጀመረ ከተማታት ፅሩያትን ውቁባትን ናይ ምግባር ጎስጓስ ንክልተ ሽሕ መናእሰይ ዕድል ስራሕ ከምዝተፈጠረ 'ውን ተገሊፁ።

ኣብ ከተማ ዓዲግራት ኣብ ስራሕቲ ሓምላዋይ ልምዓትን ምፅባቕን ዝተዋፈረት መንእሰይ ኤደን ተስፋለም ብወገና ከምዝገለፀቶ፤ ከተማታትና ሓምላዋይ ምስምግባር ጎና ጎኒ ንባዕላን ንኣዕሩኽታን ዕድል ስራሕ ፈጢሩላ 'ዩ።

# ርእሰ ኣንቀፅ

## ሃገራዊ ምኽክር ብሕታዊ መፍትሒ ፀገም!

ኢትዮጵያ ንዘመናት ንኣፈላላያት ፖለቲካ ብሓይሊ ንምፍታሕ እናፈተነት መፂኣ 'ያ፡፡ ኮይኑ ግና እዚ ብዙሕ ዋጋ ካብ ምኽፋል ሓሊፉ ዘምፀኦ ለውጢ የለን፡፡ ብፍላይ ኣብዚ ሕዚ እዋን ዓለም ንቕድሚት እናተወንጨፈት ኣብትርከበሉ እዋን ኣፋላላያት ብሓይሊ ንምፍታሕ ምፍታን ኣዝዩ ንደሓር ዝጎትት 'ዩ፡፡ ኣብዝሰልጠነ ዘመን ኮይንካ ፖለቲካዊ ኣፋላላያትካ ብምኽክርን ዘተን እምበር ብኹናት ንምፍታሕ ምፍታን ፈፂሙ ዘዋፅእ ኣይኮነን፡፡

እዚ ድማ ኢትዮጵያ ንዘመናት ዝፈተነቶ ጉዳይ 'ዩ፡፡ እዛ ሃገር ነዚ ብምርዳእ ፖለቲካዊ ኣፋላላያት ብምኽክር ንምፍታሕ ኩነታት እናማቻቸወት መፂኣ 'ያ፤ ሕዚ ኣጀንዳ ኣብ ናይ ምእካብ ብርኪ በፂሓ ትርከብ፡፡ እዚ ብፍላይ ብደረጃ ኣዲስ ኣበባ ኣጀንዳ ናይ ምፍላይ ሓሳባት ክካየድ ፀኒሑ ብቕድሚ ትማሊ ተዛዚሙ ኣሎ። እዚ ንካልኦት ከባቢታት ኢትዮጵያ ተሞኩሮ ክኸውን ዝግባእ 'ዩ፡፡

ተመኻኺርካ ፀገምካ ምፍታሕ ስለ ዝኾነ ንሃገር ዝጠቅም ኩሉ እጃሙ ክዋፃእ ኣለዎ፡፡ ምኽንያቱ ካብዚ ወፃኢ ካሊእ መማረፂ የለን፡፡ ብኩናት ፀገማት ንምፍታሕ ንዘመናት ተፈቲኑ ከዋፅእ ኣይከኣለን፡፡ ካብ ናይ ኩናት ታሪኽ ምውፃእ የድሊ፡፡ ብምይይጥ ንምፍታሕ ዝሕግዘና ኣብ ሃገርና ንፈለማ እዋን ሃገራዊ ምኽክር ተጀሚሩ ኣሎ፤ እዚ ብዝሰልጠነ መንገዲ ክንጥቀመሉ ይግባእ፡፡

ብምምኽኻር ኣፋላላያትና ምፍታሕ እምበር ኣብ ቕርሕንቲ ክንነብር የብልናን፤ ካብ ቑምን ቕርሕንትን ተላቒቕና ብምይይጥ ጥራሕ ፀገምና ብምፍታሕ ኣብ ሃገርና ዘላቒ ሰላም ንምስፋን ክንሰርሕ ኣለና፡፡ እዚ ብትኽክል እንተተጠቒምናሉ ሰላም ምዕሳል ይከኣል 'ዩ፡፡ ካብዚ ወፃኢ ካሊእ መማረፂ የብልናን፡፡

ሃገራዊ ምኽክር ምክያድ ንሃገርና ተወሳኺ ታሪኽን ዓብዪ ውፅኢትን ዘርክብ 'ዩ፡፡ እዚ ምኽክር እዚ ንህዝቢ በዓል ዋና እቲ ጉዳይ ዝገብር ኮይኑ ብዝመረፆም ተወከልቱ ኣቢሉ ኣጀንዳታት ብዘቀራርብ መገዲ ብምኽክር ብምፍታሕ ሃገራዊ መፍትሒ ዘምፅእ 'ዩ፡፡

እዚ ዓብዪ ሃገራዊ ሓላፍነት ብምዃኑ ካብ ዝኾነ ይኹን ውልቃዊ ይኹን ጉጅለኣዊ ስምዒትን ኣመለኻኽታን ብምውፃእ ብብቕዓት ብምስታፍ ናይ ኣፈላላይ መፍትሒ መገዲ ምይይጥ ጥራሕ ምዃኑ ብምርኣይ ሓዱሽ ታሪኽ ምስራሕ የድሊ፡፡

ንሕና ኢትዮጵያውያን ንሓበራዊ ዕቤት ኢና ክንሓስብ ዘለና እምበር ንውልቓዊን ጉጅለኣውን ረብሓ ኣይኮነን፤ ብፍላይ ናይ ኢኮኖሚን ፖለቲካውን ኣፋላላይ ምህላው ተፈጥሮኣዊ ስለ ዝኾነ ናብ ምጥፍፋእ ክወስደና የብሉን፤ እዚኦም ብፖለቲካዊ ዘተ ወይ ምኽክር ዝፍትሑ 'ዮም፡፡ ቐንዲ ነገር ካብ ስምዒታውነት ወፂና ስኽን ብዝበለ መንገዲ ምምኽኻር የድሊ፤ ምኽንያቱ መፍትሒኡ ምኽክር ጥራሕ 'ዩ፡፡

ሃገራዊ ምኽክር ኣብ ኢትዮጵያ ጎሊሆም ዝረኣዩን ንጎንፂ መንቀሊ ዝኾኑን ፀገማት ብምይይጥ ብዘላቕነት ንክፍትሑ ዝገብር 'ዩ። እዚ ድማ ኣብ ኢትዮጵያ ዘላቒ ሰላም ብምምፃእ ንዜጋታት እፎይታ ዝህብ 'ዩ።

ህዝቢ ኢትዮጵያ ዘለዉዎ ፀገማት በቲ ሃገራዊ ምኽክር ተፈቲሖም ዘላቒ ሰላም ክሰፍነሉ 'ዩ ድሌቱ፤ ስለዚ ፀገም ኾይኖም ሰላምን ሓድነትን ዘናግዑ ዘለዉ ፀገማት ብምኽክር ተፈቲሖም ዘላቂ ሰላም ንኽሰፍን ነዚ ተጀሚሩ ዘሎ ሃገራዊ ምኽክር ኹሉ ኢትዮጵያዊ ክድግፎ ይግባእ፡፡

ምኽክር ንኹሉ ፀገም ይፈትሕ 'ዩ እኳ እንተዘይበልናዮ ብትኽክልን ሃገራዊ ሓለፍነት ብዝተመልኦን ኣካይዳ እንተተጠቒምናሉ ቐንዲ ቐንዲ ፀገማት ክፈትሕ ዝኽእል 'ዩ፤ ኢትዮጵያ ኣፋላላያት ብሃገረዊ ምኽክር ንምፍታሕ ጀሚራቶ ኣላ ድሕሪ ሕዚ ኣብዛ ሃገር ባህሊ ክኸውን ዝግበኦ ኵናት እንተይኮነስ ምኽክር 'ዩ፡፡ ስለዚ ምኽክክር ኣብ መንጎ ተፃረርቲ ሓይልታት ምቅርራብን ምርድዳእን ዝፈጥር ስለ ዝኾነ እዚ ተስፋ ተገይርዎ ዘሎ ሃገራዊ ምኽክር ዓብዪ ዕድል ስለ ዝኾነ ብዝግባእ ክንጥቐመሉ ይግበእ፡፡


# ወጋሕታ

ኢፕድ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22
ኢሜል ፡- epa@press.et

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ፍቃዱ ሞላ

**ኣድራሻ**
የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
ቑፅሪ ገዛ 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-56-98-75

**ኣሰናዳእቲ**
ማዕረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ኣብርሃ ሓጎስ

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**
ኢሜይል - epapromotion@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-43-41
ፋክስ - 011-811-13-15

**ክፍሊ መቐበሊ ምልሳይ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

**መተሓባበሪ ምልሳይ ዕዳጋ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-157-02-70


# ናፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ፡፡ ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቀዋሚ አይኮኑን፡፡

## ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ሒዝዎም ዝመፀ ሰናይ ተግባራት

መኣርግ ገ/ሄር

ከም ዝፍለጥ ኣብዛ ሃገር ብፍላይ ምስለውጢ መንግስቲ ተተሓሒዙ ማለት ካብ 2010 ዓ.ም ጀሚሩ ፖለቲካዊ ዘይምርድዳእ ተፈጢሩ 'ዩ። እዚ ፖለቲካዊ ዘይምርድዳእ ድማ ካብ መጀመርትኡ ብፖለቲካዊ ዘተ ክፍታሕ ብዘይምኽኣሉ ከይዱ ከይዱ ናብ ጎንፂ ኣምሪሑ ብፍላይ ካብ 2013 ዓ.ም ጀሚሩ ቐሊል ዘይበሃል ጉድኣት ኣጋጢሙ 'ዩ። ብዙሕ ክሳራታት ተኸሲቱ 'ዩ። ብፍላይ ኣብ መንጎ ህወሓትን መንግስቲ ፌዴራልን ብዝተፈጠረ ፖለቲካዊ ፀገም ስዒቡ ዝበፅሐ ጉድኣት ቐሊል ዝበሃል ኣይኮነን። ከም ዝፍለጥ ኣብ ህይወት ሰብን ንብረትን ከቢድ ክሳራ በፂሑ 'ዩ። ኮይኑ ግና እዚ ድሕሪ ብዙሕ ክሳራታት ብፖለቲካዊ ስምምዕ መእለቢ ረኺቡ 'ዩ። ንሱ ኣብ 23 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ፕሪቶሪያ ብዝተገብረ ናይ ሰላም ስምምዕ ፈርማ 'ዩ። እዚ ስምምዕ እዚ ንብዙሓት ናይ ሕሊና ዕረፍቲ ዝሃበ ነይሩ።

እዚ ንህዝቢ ትግራይ ጥራሕ እንተይኮነስ ኩላይ ንህዝቢ ኣምሓራን ዓፋርን ናይ ሕሊና ዕረፍቲ ዝሃበ ነይሩ። ምኽንያቱ እዞም ክልላት ካብ ትግራይ ቐፂሎም ናይቲ ኩናት ሰለባ 'ዮም ነይሮም። ብዓብይኡ ድማ ከም ሃገር ራህዋ ፈጢሩ 'ዩ። ኣብ ትግራይ ጥራሕ ዝነብሩ ዜጋታት እንተይኮነ ኣብ ካልኦት ክልልላት ዝነብሩ ዜጋታት 'ውን ካብ መከራን ስቃይን ክወፁ ዝገበረ 'ዩ። ብፍላይ ንህዝቢ ትግራይ ልዕሊ ቃላት ናይ ሕሊና ዕረፍቲ ዝሃበ 'ዩ ነይሩ።

እዚ ከምዘለዎ ኮይኑ ድሕሪ እቲ ስምምዕ ሰላም ኣብ ትግራይ ኣቋሪፆም ዝነበሩ ብዙሓት ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት ብፍጥነት ስራሕ ንክጅምሩ ተገይሩ 'ዩ። መንግስቲ ፌዴራል ብመሰረት ዝተፈረመ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያን ካልኦት ኣድለይቲ ዝበሎም ብዙሓት ስራሕቲ ሰሪሑ 'ዩ። ብወገን ህወሓት 'ውን ግዝያዊ መንግስቲ ኣብ ምምስራት፣ ከበድቲ ዕጥቂ ኣብ ምፍታሕ ተወፋይነት ኣርእዩ 'ዩ። ማለት እቲ ሰላም ክፀንዕ ኣወንታዊ ግደ እናተፃወተ መፂኡ 'ዩ። ምኽንያቱ ከምዝፍለጥ ሰላም ብሓደ ወገን ጥራሕ ክመፅእ ስለዘይኽእል ክልቲኦም ኣካላት ንሰላም ዘርኣይዎ ውፍይነት ዝነኣድ 'ዩ። ሰብኣዊ ሓገዝ 'ውን ብዘይ ዝኾነ ዕንቅፋት ናብ ክልል ትግራይ ዝበፅሓሉ ኩነታት ተፈጢሩ 'ዩ። እቲ ስምምዕነት ሰላም ድሕሪ ምፍራሙ መንግስቲ እቲ ስምምዕነት ካብ ዝኣተዎ ግዴታ ብዝሓለፈ ምትእምማን ንምፍጣርን ሰላም ንምህናፅ ኣድለይቲ 'ዮም ዝበሎም ስጉምቲ ብተኸታታሊ እናፈፀመ መፂኡ 'ዩ።

ብፍላይ መንግስቲ ፌዴራል ድሕሪ ስምምዕነት ሰላም ፕሪቶርያ ነቲ ሰላም ንምድልዳል ዝገበሮን ዝገብሮ ዘሎን እንተሪኢና ኣዝዩ ዝነኣድ 'ዩ። ድሕሪ እቲ ምፍርራም ናይ ሰላም ኣብ ውሽጢ ሒደት መዓልቲታት ህዝቢ ትግራይ መሰረታዊ ግልጋሎታት ማለት ከም ቴሌኮም፣ መንገዲ ኣየር፣ ባንኪ፣ መብራህቲ፣ መንገዲ፣ ካልኦት ትካላት መሰረተ ልምዓታትን ብፍጥነት ብምስራሕ ህዝቢ ናብ ንቡር ምንቅስቓስ ክምለስ ገይሩ 'ዩ። ከምኡ 'ውን ብዝነበረ ፖለቲካዊ ፀገም ካብ ውድድር ርሒቑ ዝፀንሐ ኣትሌቲክስ ክልል ትግራይ ድሕሪ ስምምዕነት ሰላም ፕሪቶርያ ናብ ዝነበሮ ስፖርታዊ ምንቅስቓስ ንምምላስ ዝተፈላለየ ድጋፋት እናገብረ መፂኡ 'ዩ ሕዚ 'ውን እናገበረ ይርከብ።

ካሊእ ኣብ መዳይ ቱሪዝም ብዙሓት ስራሕቲ ተሰሪሖም 'ዮም። ቱሪዝም ትግራይ ዳግማይ ናብ ዝነበሮን ካብኡ ንለዓልን ክኸይድ መንግስቲ ሰፋሕቲ ምንቕስቓሳት እናገበረ መፂኡ 'ዩ። ሕዚ 'ውን እናተሰርሐሉ ይርከብ። ከምኡ 'ውን ካብዚ ሓሊፉ ካሊእ ሓዱሽ ሎጅ ኣብ ገርዓልታን እናተሰርሐ ይርከብ። እዚ ድማ ንምንቕስቓስ ቱሪዝም ትግራይ ዘለዎ ግደ ብቐሊሉ ዝረአ ኣይኮነን። ብተወሳኺ ኣብቲ ክልል ዝርከባ ተፈላላያ ኢንዱስትሪታት ናይ ዳግመ ሕውያት ስራሕቲ ተሰሪሑለን ማለት ናብ ስራሕ ንምምላስ ኣብ ዝተገበረ ኩለመዳያዊ ምንቅስቓሳት ብዙሓት ስራሕ ጀሚረን ይርከባ። ትካላት ደቀቕትን ኣናእሽተይን ዝተፈላላዩ ምንቕስቓሳት እናገበሩ ይርከቡ። ማለት ብሓገዝ መንግስቲ ናብቲ ቅድሚ ኩናት ዝነበርዎ ኩነታት ገሊኦም ተመሊሶም ገሊኦም ድማ እናተመለሱ ይርከቡ። እዚ ብፍላይ ነቲ ስራሕ ስኢኑ ዝነበረ መንእሰይ ዓብዪ ተስፋ ዝህብ 'ዩ።

ካሊእ መንግስቲ ኣብ ልምዓት መስኖ ወይ ሕርሻ 'ውን ዝነኣድ ደገፍ እናገበረ 'ዩ። ትራክተራት ኣብ ምሃብ፣ መዳበርያ ኣብ ምቕራብ፣ ኣብ መስኖ እንተሪኢና ብሚኒስቴር ሕርሻን መዳርግቲ ኣካላትን ልምዓት መስኖ ንምስፍሕፋሕ ዝሕግዙ ስራሕቲ 'ውን እናተሰርሑ 'ዮም ዝርከቡ። እዚ ዝነኣድ ተግባር 'ዩ።

ብሓፈሻ መንግስቲ ፌዴራል ከም እንዚኦምን ካልኦት ብርክት ዝበሉ ስራሕቲ እናሰርሐ 'ዩ ዝርከብ። መንግስቲ ከምዚ እንትገብር ንሰላም፣ ልምዓትን ዕቤትን ሃገር ካብ ዘለዎ ድሌትን ባህግን ዝብገስ ኮይኑ እዚ ኣብ ኢኮኖሚያዊ ምንቕቓሕን ሰላም ኣብ ምጥንኻርን ዘለዎ ግደ ልዑል ኮይኑ እዚኦም ተጣናኺሮም ክቕፅሉ ድማ ኩሉ ኣብ ጎኒ መንግስቲ ጠጠው ብምባል ክሕገዝ ይግባእ። ኩናት ዕንወት ካብ ምምፃእ ሓሊፉ ንማንም ኣይጠቕምን፤ ከም ሃገር፣ ዘለካ ንብረት ካብ ምዕናውን ህዝቢ ናብ ስቃይን መከራን ካብ ምእታው ሓሊፉ ዝኾነ ይኹን ዘትርፎ ነገር የለን። ተስፋ መፃኢ ወለዶ ካብ ምጥፋእ ዘሓለፈ ጥቕሚ የብሉን። ብምዃኑ ስምምዕነት ፕሪቶርያ ፖለቲካዊ ፀገም ብፖለቲካዊ ዝርርብ ክፍታሕ ብምግባር ናይ ሕሊና ዕረፍቲ ዝሃበን ብዙሕ ክሳራታት ዘቕረየን 'ዩ። በቲ ስምምዕ መሰረት ብዙሓት መሰረታዊ ነገራት ክስርሑ ተገይሮም 'ዮም። እዚኦም ተጠናኺሮም ክቕፅሉ ድማ ኩሉ ሓገዚ ክኸውን ይግባእ።

> **ስምምዕነት ፕሪቶርያ ፖለቲካዊ ፀገም ብፖለቲካዊ ዝርርብ ክፍታሕ ብምግባር ናይ ሕሊና ዕረፍቲ ዝሃበን ብዙሕ ክሳራታት ዘቕረየን 'ዩ**

# እዋናዊ ዛዕባ

# «ምኽክር እንትባሃል ኹላትና ብሓደ ሰዓርቲ ዝገብረና ማለት 'ዩ»

**- ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ(ዶ/ር)**

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ሃገራዊ ምኽክር ከምዝተጀመረ ዝዝከር 'ዩ፡፡ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብቲ መድረኽ ምኽክር ተረኺቦም ኣብ ዝገበርዎ መደረ ከምዝበልዎ፤ «ኲናት ነቢርናሉ ኢና፤ ዝተወሰኑ ፀገማትና ፈቲሕናሉ ኢና፡፡ ኹናት ግና ፀገማትና ክፈትሐልና ኣይካኣለን፡፡ ዘይተፈትሑ ፀገማት ንምፍታሕ ዝተረፈና መገዲ ዘተን ምኽክርን 'ዩ፤ እዚ ክሳብ ኸዚ ኣይተጠቐምናሉን ክብሉ ገሊፆም 'ዮም፡፡ ይኹን እንበር ዘተ ንኹሉ ተዓዋቲ ከምዝገብርን በዚ እንተተሳዒርና 'ውን ኩላትና ንሃገርና ኢልና ኢና ንሰዓር ኢሎም፡፡ ከይዲ ዘተ ሰለስተ ነገራት ዘጨብጥ 'ዩ ዝበሉ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣቢይ(ዶ/ር)፤ ቀንዲ ቀንዲ ፀገማት ኣብ ምፍታሕ፣ ዘተ ባህሊ ንክኸውን ኣብ ምግባርን ኣብ መንጎ ተፃረርቲ ሓይሊታት ምቅርራብን ምርድዳእን ክፍጠርን ከምዝገብር ኣብሪሆም፡፡ እቲ ምቅርራብ ብምጥቃም ንቕድሚት ኣብቶም ዛዕባታት እናተዘራረብካ ንምቕፃል ዘኽእል ከምዘኾነ 'ውን ሓቢሮም፡፡ ብመሰረት እዚ እቲ ዕድል ከየበላሸየና ናብ ዝተማልአ ዓወት ንክንሰጋገር ይሓትት ክብሉ ፃውዒቶም 'ውን ዘቅረቡ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብዚ ዘሕለፍዎ መልእኽቲ ከምዝስዕብ ኣቕሪብናልኩም ኣለና ፡፡ ሰናይ ንባብ!

«ካብ ቅድሚ ኸዚ ፍልይ ብዝበለ ኣብ ጉዳይ ኢትዮጵያ ንምምኽራን ንሓባር ቅዋምን ሓሳብን ንምውሳድ በዚ መንገድ ምርኻብና ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ ሓደ ዘይዝንጋዕ ምዕራፍ ስለዝኾነ እዚ ዕድል ዝረኸብና ኣብዚ ታሪኻዊ ኣዳራሽ ንኢትዮጵያ ዝረብሕ ንምውሳን ኹለኹም እንኳዕ ደስ በለኩም ክብል ይፎቲ፡፡

ካብ መላእ ሃገርና ዝተሰብሰብኩም ብሚድያ ንእትከታሉን ኢትዮጵያውያንን ፈተውቲ ኢትዮጵያን ኩሎኹም ሎሚ እዚ ንኢትዮጵያ ሓድሽ ምዕራፍ ስለዝኾነ እዚ ምዕራፍ ብቅንዕና ፈቒድና ፎቲናን ኹላትና ንክንሳተፍ ፃውዒት እናቕረብኩ እዚ ንክንጅምር ፈጣሪ ዝረድኣና ከመስግን ይፎቱ፡፡ ኣብ ኢትዮጵያ ብዙሓት ስብራት ኣለዉ፡፡ ኣብ ዝሓለፉ ሚኢቲ ዓመታት ኣብ ኢትዮጵያ ዝተሳኸዐልና እናመሰለና ብሓፈሻ ዝጎድኣና ኹናት 'ዩ፡፡ ካብ ዉግእ ዝሓለፈ ንደቅና እነውርሶም ነገር ምፅናሕ ኣይካኣልናን፡፡ ሃፀይ ቴድሮስ እተይልና ውግእ 'ዩ፣ ኣፄ ሚኒሊክ እንተይልና ውግእ 'ዩ፣ ክሳብ ኸዚ ዘለናዮ ታሪኽና ውግእ 'ዩ፡፡ እዚ እንትድመር ውድቐት 'ዩ፡፡ ካብዚ ንምውፃእ ሓድሽ መንገድ ምኽክር 'ዩ፡፡ ነዚ ኹላትና ድላዋት ክንኸውን ኣለና፡፡ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ድፍረት ዝተመልኦም ሪፎርም ንምክያድ ሞኪርና ኢና፡፡ ናይቲ ሪፎርም ጥቕልል ዝበለ ሓሳብ ዝሓሸ ናይ ኣፈፃፅማ ዓቕሚ ከምዘለዋ ንደቃ ምርኣይ 'ዩ፡፡ ኣብ ኢኮኖሚ ዘፈር ሪፎርም ስርናይ ሓዊሱ ጠንካራ ስራሕቲ ተሰሪሑም 'ዮም፡፡ ኣብ ገጠር ዝረኸብናዮ ውፅኢት ስርናይ ኣብ ከተማ 'ውን ክንደግሞ ኣለና፡፡ ናይ ሰብ ከተማ ምድናቕ እንተይኾነስ ናይ ባዕልና ከተማ ምምልካዕ ንኽእል ኢና ብዝብል ሪፎርም ድፍረት ዝተመልአ ስራሕ 'ዩ፡፡ ኣብ ፒያሳ ዝተሰርሐ ስራሕ ናይ ሰብ ሃገር ከይድካ ፎቶ ምልዓል ብምግዳፍ ናባና መፂኦም ፎቶ ዝላዓልሉ ስራሕ ከምዝኾነ እናተርኣየ 'ዩ፡፡ እዚ ስራሕ ብዙሓት ከምዝብልዎ እንተይኾነስ ብናትና ሃፍቲ ብናይና ፃዕሪን ብናትና ሓሳብን ዝስራሕ 'ዩ፡፡ ኢትዮጵያን ኣብ ስርናይ ጥራሕ እንተይኾነስ ኣብ ከተማ 'ውን ከምንኽእል ዘርኣየ ሪፎርም 'ዩ፡፡ ቆሪፅና ዝተልዓልና ኣብ ቅድመና መረፃ ኣሎ ኢልና እንተይኾነስ ሕድሕድ ማዓልቲ ዕድል 'ዩ፤ ተጠቒምና ሰሪሕና ንምሕላፍ ዝብል ቅዋም ስለዘለና 'ዩ፡፡

ኣብ ኢትዮጵያ ብፍላይ ድማ ኣብ ገጠር መውዐሊ ህፃናት ምርኣይ ብርቂ 'ዩ፡፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ብውልቀ ክፍሊት ዘላዉ እንተኾኑ 'ውን ከም ሃገር ናይ መንግስቲ ቀዳማይ ብርኪ፣ ካልኣይ ብርኪን ንዓይነ ስውራት ዝኾኑ ቤት ትምህርቲ ብርቂ 'ዩ፡፡ በዚ ዘፈር ታሪኽ ክርሰያም ዘይኽእል እኹል ስራሕ ሰሪሕና ኢና፡፡ እዚ ሪፎርም ገንዘብ የብላናን እም ኣይንሰርሖን ተንብል ነይርና ኣየሳኽዕን ነይሩ፡፡ ህዝብና ሒዝና ቤት ትምህርቲ ኣስፊሕና ኢና እዚ ድማ ንኢትዮጵያ ፈጠራ ትምህርትን ቴክኖሎጂን



መሰረት ኾይኑ ከምዘገልግል ሙሉእ እምነት ኣለና፡፡ ኣብ ህንፀት ትካላት ድማ ዝፀረዩን ብቴክኖሎጂ ዝተዓጀቡ ተሰሪሖም 'ዮም፡፡ ምሸት ተትወፁ ከንቲባ ከተማ ሓዊሱ ኣመራርሓታት በቢ ኮሪደሩ እናዞሩ ኢኹም እትሪእዎም፤ እዚ ህዝብኻ ናይ ሙፍታይ፣ ድኻ ምርዳእ፣ ንድኻ ገዛ ገዚኡ ምሃብ ልምምድ ባህሊ እንድሕር ገይርናዮ ትካላትና ባዕሎም ክኢሎም ንከገልግሉ ዘኽእል መሰረት እናቕመጥና ንርከብ፡፡

ኣብ ዘፈር ዲፕሎማሲ ኣብ እዋን ፀገማትና ዝሓገዙና ሃገራትን ህዝቢ ኢትዮጵያ ክግንዘብ ዘድልይ ናይ ኢትዮጵያ ዲፕሎማሲ ጥቕሚ ብሄራዊ ኢትዮጵያ መሰረት ዝገበረ 'ዩ፡፡ ብሄራዊ ረብሓና ኣቕዲምና እንገብሮ ቃልሲ ካብዚ ወፃኢ በዚ መንገድ ንኣፍሪካ ምሕሳብ ግቡእ ኣይኮነን ብዝብሉ ሓይሊታት ጥራሕ እንተይኾነስ ኣብ ውሽጥና ዘለዉ ሰባት 'ውን ግንዛበ እንትሓፅር ይስተውዓል 'ዩ፡፡ ንኣብነት ግድብ ህዳሴ ንምዝዛም ብዙሓት ዕንቅፋት ነይሮም 'ዮም፡፡ ንሕና ብሄራዊ ረብሓና እንትንብል ኣብ ታሕቲ ዘለዉ ሃገራት ንጉዳእ እናበልና እንተይኾነስ ብሓባር ነሽንፍ እናበልና ኢና፡፡ እዚ ኹሉ ፅዕንቶ እንተሃለወ ግን ግድብና ግና ዛዚምናዮ ኢና፡፡

እዚኦምን ካልኦትን ብድፍረት ዝተመልኡ ሪፎርም ኣብ ሃገርና ውሽጥን ወፃእን ብዘለዉ ሓይልታት ዘጫቓጭቑ ሪፎርማት ፅቡቕ ጅማሮ እንተኾኑ 'ውን ኢትዮጵያውያን ተዛቲና እንድሕር ዘየይተጓዒዝና ገንዘብ ስለዘለዎም ንዓና ገዚኦም ውሽጥና ክኸፋሉ ይኽእሉ 'ዮም ሞኪሮም 'ውን 'ዮም፡፡ ምዝታይን እዚ ጅማሮ መሰረት ክድሕዝ ኣድላይ 'ዩ፡፡ ናይ ኢትዮጵያ ዋና ዋና ስብራት ካብዚ መድረኽ ኣንፃር እንታይ 'ዮም ኢልና እንተሪእና እቲ ሓደ ኣካታቲ ዝኾነ ፖለቲካ ክኸውን ይግባእ፡፡ ኣነ ዘበልክዎ 'ዩ ትኽክል ኢልካ ምትእንጋድ እቲ ሓደ መንገድ 'ዩ እዚ ድማ ክቕረፍ ኣለዎ፡፡ ካልኣይ ድማ ትርኽቲ 'ዩ ምቅርራብና ዘርእይ እንተይኾነስ ሓዲኡ ምስ ሓዲኡ ዘፈላልይ ኣብ ኢትዮጵያ እናተዘንተዉ ፀኒሖም 'ዮም፡፡ ሳልሳይ ስብራት ኢልና እንሓስቦ ነገር ንምፍታሕ እንወስዶ መንገዲ 'ዩ፡፡ ንኣብነት ኣብ ስርዓተ መንግስቲ ደርጊ ዝነበረ ሕገ መንግስቲ ኣብ ውሽጢ ዝሓዞ ሓሳብ ንኢትዮጵያውያን ኣይረብሕን ኢልና እንትንላዓል ንሱ ቀዲድና ናይ ባዕልና ንምስፋር እንበር እቲ ስሕተት ጥራሕ ወሲድካ ህዝቢ ኢትዮጵያ ተዛትይሉ ንክምሓየሽ ኣብ ምግባር ኣይኮናን እንሰርሕ፡፡ ኩላትና ከምንፈልጦ ኣብ ኣህጉርና ቅድሚ ኸዚ ዝነበረ ሕገመንግስቲ ቀዲዶም ንባዕሎም ዝምቸዎም ሕገ መንግስቲ ፅሒፎም ዝነብሩን እናነበሩን ዘለዎ መንግስታት ኣለዉ፡፡ ንሕና ምስ መፃና ሕገመንግስቲ ዘቕድድ ብጣዕሚ ሰፊሕን ብዙሕን ምችው ኩነታት ነይሩ 'ዩ፡፡ ኾይኑ ግና ተዘራሪብናን ካብኡ ጠቓሚ ሓሳብ ወሲድና ዝጎደለ መሊእና ዝብል ሓሳብ ኢና ተግባረዊ ገይርና፡፡ እዚ ተግባር ዝመረፅና ስለዘይካኣል እንተይኾነስ ትኽክል ስለዘይኾነ 'ዩ፡፡

ምኽክር ንኢትዮጵያ ንምንታይ እዩ ዘድልያ? ቅድሚ ኸዚ እናበልናዮም ከምዝነበርና መን ምስ መን ተፃሊኡ 'ዩ ምኽክር ዘድልይ? ዝብል ሕቶ ናይዚ ምኽክር ዋና ዓላማ ተቃራኒ ብምትራፍ ዝምድና ንምጥንኻር 'ዩ፡፡ ኣብ መንጎ ብሄር፣ ቋንቋ፣ ባህሊ፣ ሃይማኖት ካብ ዘለዉ ቅሬታታት ንላዕሊ ዝምድና ስለዝበልፅ ንሳቶም ንምጥንኻር 'ዩ፡፡ ሓደ ዝገብረና ነገራት መዚዝና ምውፃእ ተንኽእል ካብ ዘፈላለዩና ዘዛምዱና ነገራት ዝበዝሑ 'ዮም፡፡ ምጉዳል ስብራት ኢትዮጵያ ውሽጢ ከምዘሎ ኹላትና ንፈልጥ ኢና፡፡ ምጉዳል ግና ብምቅትታል ክንመልኦ ግና ኣይንኽእልን፡፡ ምጉዳል ብምምክር ኢና ክንመልኦ እንኽእል፡፡ ዓለም ጎደሎ እንተኾነት 'ውን እዚ ንምምምላእ ምኽክር እንበር ምቅትታል ክኾን ኣይኽእልን፡፡

በዚ ምኽክር ውሽጢ ዘለኣለማውነት ምኽክር ነዛ ሃገር ዝሓሸን ዝረብሕን ሓሳብ ሒዝና ኢትዮጵያ ንመፃኢ ብሩህ ተስፋ ዘለዋ ንምግባር ንክንኽእል እቲ ምኽክር ብጣዕሚ ኣድላይ 'ዩ፡፡ ዕድል እንድሕር ተጠቒምካሉ ዓወት ዝምፅእ 'ዩ፡፡ ግና እቲ ዕድል እንድሕር ዘይተጠቐምናሉ መከራ 'ዩ ዘኸትል፡፡ እዚ ዕድል እንድሕር ዘይተጠቂምናሉ ይሓልፍ 'ዩ፡፡

ኣካይዳ እቲ ዘተ ብዝምልከት በዚኦም ዝተኸበሩ ኮምሽነራት ስራሕ ንሓንቲ ሰከንድ ጣልቃ ናይ ምእታው ድልየት መንግስቲ የብሉን፡፡ እዚኦም ኮምሽነራት ኢትዮጵያ ኣሕሊፎም ክህቡ 'ዮም ኢልካ ምሕሳብ ስሕተት 'ዩ፡፡ ኣብቲ ዘተን ምኽክርን ብኹሉ ዘለዉ ወገናት ክግንዘቡዎ ዘለዎም ነገር ኣብ ኣዳራሽ ክንመክር ኢና በቲ ጉዳይ እንድሕር ተስማዕሚዕና ናብ ካልኣይ ጉዳይ ቀፃሊ ይኸውን፡፡ እንድሕር ዘይተስማዕሚዕና ድማ ብጣዕሚ ቀሊል 'ዩ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሪፍረንደም ክውስን ይግበር፡፡ ንሕና ከም መንግስቲ ሓሳብ ኣለና ሓሳብና እንድሕር ተቐባልነት ረኺቡ ፅቡቕ ናትና ሓሳብ ብካሊእ ሓሳብ እንድሕር ተሸኒፉ በቲ ሓሳብ ተገዛእቲ ንምኳን ድልዋት ኢና፡፡ ኾይኑ ግና ከም ሓደ ሓደ ሃገራት ኣፍሪካ ንሕና ኢና ንፈልጠልካ ዝብል ሰባት ኣብ ኣዳራሽ ኣትዮም ሓሳብ እንትህቡ ይረኣ፡፡ ሕገመንግስቲ ኢትዮጵያ ድሕሪ ኸዚ ኣይፅሓፉን፡፡ ክፃሓፍ ዝኽእል ብሕድሕድ ኢትዮጵያዊ ድምፂ ውሳነ 'ዩ፡፡

ዝኸበርኩም ኣብዚ ኣዳራሽ ዘለኹም ኢትዮጵያውያን፤ ኢትዮጵያ ጠንካራ ኾይና ግና ብሕጊ ዝግዛእ መንግስቲ የድልያ 'ዩ፡፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝዛረቦ ዝፍፅም ክኾን ይግባእ፡፡ እዚ መንግስቲ ግና ግዴታ ንሕና እንመርሖ መንግስቲ ክኾን የብሉን ፡፡ ዝኾነ ይምራሕ ግና ጠንካራ መንግስቲ ክኸውን ይግባእ፡፡ ሓደ ሓደ ግዜ ሓሳባት ካብ ግራን ምዝጋን ይላዓሉ 'ዮም፤ ንኣብነት ስግግር መንግስቲ ዝብል ይላዓል 'ዩ፤ ኢትዮጵያ ውሽጢ ድሕሪ ኸዚ ስግግር መንግስቲ ኣይህልይን፡፡ ኣብ ኢትዮጵያ ድሕሪ ኸዚ ዝህሉ ብመረፃ ዝተመረፀ መንግስቲ ጥራሕ 'ዩ፡፡ ብመረፃ ኣብ ዝግበር ከይዲ ህዝቢ ኢትዮጵያ ሞኪርና ዕደል ሂብናኩም ኣይተሳኸዐልኩምን እንተተባሂለና ደጋጊመ ከምዝበሎ ኣረኪብና ንኸይድ ኢና፡፡ ካብዚ ወፃኢ ዘለዉ ሙከራታት ንዓና እንተይኾነስ ንኢትዮጵያ ኣይጠቕማን፡፡

ምኽክር እንትባሃል ኹላትና ብሓደ ሰዓርቲ ዝገብረና ማለት 'ዩ፡፡ ኹልግዜ ካብ እንቀታተል ሓደ ግዜ ኮፍ ኢልና ተንምኻኸር ዝምረፅ 'ዩ፡፡ በዚ ምኽክር ዝሸነፍ የለን ኢትዮጵያ ግና ተሸንፍ 'ያ፡፡ መዛዘሚ ሓሳብ ግና ኢትዮጵያን ኢትጵያውያንን ዝጠቅም ጥራሕ ክኾን ይግባእ፡፡ እዚ ዕደል ከየምልጠኩም እንድሕር ኣምሊጡ ኣፀጋሚ 'ዩ፡፡ ኸዚ ብቅንዕነትን ብዝተኸፈተ ልብን በዚ ምኽክር ዝርከቡ ውፅኢት ንምቕባል ድልው ዝኾነ መንግስቲ ስለዘሎ ንክንጥቀመሉ ብመላእ ኢትዮጵያውያን ስም ፃውዒተይ የቕርብ ፡፡ »

ምስዚ ተተሓሒዙ ከንቲባ ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ ኣዳናች ኣቤቤ ብወገነን፤ ብፍልላያት ብሓይልን ጠበንጃን ካብ ምፍታሕ ታሪኽ ብምውፃእ ብዝሰልጠነ መንገዲ ብዘተ ንምፍታሕ ዝሕግዝ ኣብ ሃገርና ንመጀመርያ እዋን ዝካየድ ሃገራዊ ምኽክር ኣብ ኣዲስ ኣበባ ብምጅማሩ ዓብይ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ 'ዩ፡፡ እቲ ሃገራዊ ምኽክር ከም ሃገር ዘለዉና ሰናይ ነገራት ብዘይጎድእ መልክዑ ሕማቕ ገፅታና ዝነበረ ምፍልላይና ብጠበንጃን ጉልበትን ካብ ምፍታሕን ናይ ሓደ ሃገር ህዝብታት በዚ ልክዕ ከም ፀላኢ ምውቅቃስ ተላቒቕና ብዘተ ጥራሕ ብምፍታሕ ዘላቒ ሰላም ሃገርና ኣብ ምስፋን ዓብይ ግደ ከምዝፃወት ትፅቢት ይግበር፡፡

እዚ ንሃገርና ተወሳኺ ታሪኽን ዓብይ ውፅኢት ዘርክብ ሃገራዊ ምኽክር፣ ህዝብና ናይቲ ጉዳይ ባዓል ዋና ኾይኑ ብቀጥታ ዝመረፆም ተወከልቲ ኣጀንዳታት ኣቀራራቢ ብዝኾነ መገዲ ብምጥንኻርን ብምፍታሕን ሃገራዊ ፍታሕ ከምዘምፅእ ትፅቢት ይግበር፡፡ ስለዚ ነበርቲ ከተማና ብፍላይ ካብ ዝተፈላለየ ማሕበረሰብ ተወኪልኹም ኣብቲ መድረኽ ምኽክር ኣብ ምስታፍ እትርከቡ ኹለኹም፤ እዚ ዓብይ ሃገርዊ ሓላፍነት ብምኳኑ ካብ ዝኾነ ውልቃውን ጉጅላውን ስምዒትን ኣመለኻኽታን ብምውፅእ ብብቅዓት ብምስታፍ ናይ ምፍልላይ ፍታሕ ዘተ ጥራሕ ከምዝኾነ ብመርኣይ ሓድሽ ታሪኽ ብምስራሕ ግደኹም ንክተወፍዩ ዓብይ ተስፋ ኣለና » ክብላ ገሊፀን 'የን፡፡

## ዕዱም ጋሻ

# ‹‹መንግስቲ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ንምፍፃም ብዙሓት ስራሕቲ ሰሪሑ 'ዩ››

**- ኮማንደር ገብረመስቀል ገብረሚካኤል**

መኣርግ ገ/ሄር

ኢትዮጵያ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ዝተፈላለዩ ውግኣት እናጋጠማ ምምፅኡ ዝፍለጥ 'ዩ:: ገሊኡ ካብ ደገ ዝብገስ እንትኸውን ገሊኡ ድማ ካብ ናይ ውሽጢ ፖለቲካዊ ዘይምርድዳእ ዝብገስ 'ዩ:: ኮይኑ ግና እቲ ኣዝዩ ብተደጋጋሚ ዝሓስያ ዘሎ ብናይ ውሽጢ ፖለቲካዊ ፀገም ዝለዓል ኲናት 'ዩ:: ንኣብነት ከም ዝፍለጥ ኣብዛ ሃገር ብፍላይ ምስ ናይ ለውጢ መንግስቲ ተተሓሒዙ ማለት ካብ 2010 ዓ.ም ጀሚሩ ኣብ መንጎ ህወሓትን መንግስትን ፖለቲካዊ ዘይምርድዳእ ኣጋጢሙ እዚ ፖለቲካዊ ዘይምርድዳእ ድማ ብፖለቲካዊ ዘተ ክፍታሕ ብዘይምኽኣሉ ናብ ጎንፂ ኣምሪሑ 'ዩ:: እዚ ኣብ መንጎ ህወሓትን መንግስቲ ፌዴራልን ብዝተፈጠረ ፖለቲካዊ ፀገም ስዒቡ ዝበፅሐ ጉድኣት ኣዝዩ ከቢድ 'ዩ:: ኮይኑ ግና ኣብ 23 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ፕሪቶሪያ ብዝተገብረ ስምምዕ ሰላም ብዙሕ ለውጢ ተራእዩ 'ዩ:: መንግስቲ ብመሰረት ስምምዕ ሰላም ኣብ ትግራይ ብዙሓት መሰረታዊ ነገራት ሰሪሑ 'ዩ:: ማለት ብዙሕ ርሕቐት ተጓዒዙ 'ዩ:: ብሓፈሩ ድሕሪ ስምምዕ ሰላም መንግስቲ ነቶም ስምምዓት ንምፍፃም ዝኸዶ ርቕቐትን ካልኦት ተመሳሰልቲ ሕቶታትን ብምልዓል ምስ ኮማንደር ገብረመስቐል ገብረሚካኤል ዝገበርናዮ ፃኒሕት ከምዝስዕብ ቐሪቡ ኣሎ:: ሰናይ ንባብ!



**ወጋሕታ፡- ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ኣብ ትግራይ ዘምፀኦም ረብሓታትን ኣፋፃፅምኡን ከመይ ይገልፅዎ?**

**ኮማንደር ገብረመስቀል፡-** ኣብ መንጎ መንግስቲ ፌዴራልን ህወሓትን ዝተበፅሐ ስምምዕነት ሰላም ስዒቡ መንግስቲ ፌዴራል ኣብ ትግራይ ብዙሓት ኣወንታዊ ነገራት ሰሪሑ 'ዩ:: መንግስቲ ብዝግባእ ሓላፍነቱ እናተዋፀአ 'ዩ ዝርከብ:: ኣብ መንጎ መንግስቲ ፌዴራልን ህወሓትን ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ከተማ ፕሪቶሪያን ኣብ ኬንያ ናይሮቢን ብዝተበፅሐ ስምምዕነት ሰላም ኣብ ከይዲ ትግበርኡ ተስፋ ዝህብ 'ዩ:: ብኽልቲኡ ወገን ዘበራታትዑ ተግባራት ተሰሪሖም 'ዮም እናተፈፀሙ 'ውን 'ዮም:: ኮይኑ ግና እዞም ተግባራት እዚኦም ተጣናኺሮም ክቕፅሉ ኣለዎም::

መንግስቲ ፌዴራል ብፍላይ ፅባሕ እቲ ፌርማ ጀሚሩ ምስ ምቕራብ ሰብኣዊ ሓገዝ ተተሓሒዙ ዝኸዶም ዘለዉ ተግባራት ዘበራታትዑ 'ዮም:: ኣብ ዝሓፀረ እዋን ከም መብራህቲ፣ ቴሌን ካልኦት መሰራታዊ ነገራትን ኣብ ምቕራብ ዝገበሮ ምንቕስቓስ ዝነኣድ 'ዩ:: ከምኡ 'ውን ኣብ ምቕራብ እኽልን መድሓኒትን ፅቡቕ 'ዩ ዘሎ፤ ይኹን 'ምበር ምስ በዝሒ ቑፅሪ ተሓጋዚ ክረአ እንተሎ እኹል ስለዘይኮነ ህዝቢ ነንበዓርሱ ክተሓጋገዝ ይግባእ፤ ምኽንያቱ እዚ መንግስቲ ጥራሕ ክሸፍኖ ኣይኽእልን:: ሕዚ 'ውን ብዙሕ ሓገዝ ዝደሊ ህዝቢ ኣሎ:: መንግስቲ ኣብ ኣተገባብርኡን ቕልጥፍንኡን ግና ብኣወንታዊ መልክዕ ዝረአ 'ዩ::

ኣብዚ ንኹሉ ፀገም መንግስቲ ጥራሕ ክሸፍኖ ስለ ዘይኽእል ካልኦት ውልቓ ኣካላት 'ውን ሓገዞም ከጠናኽሩ ኣለዎም:: በርግፅ ህዝቢ ክሳብ ሕዚ ኣብ ሰላም ይኹን ኣብ ፀገም እናተደጋገፈ መፂኡ 'ዩ:: እዚ ክልመድን ቐፃሊ ክኸውንን ኣለዎ:: ብመሰረት እቲ ስምምዕነት ሰላም እቲ ሰላም ክፀንዕ እንተኾይኑ መንግስቲ ፌዴራል ይኹን ህወሓት ብቐራፅነት ክሰርሑ ኣለዎም:: እቲ ስምምዕነት ሰላም ክሳብ ሕዚ ካብ ህዝቢ ትግራይ ሓሊፉ ንህዝቢ ኢትዮጵያ 'ውን ርኡይ ረብሓ ኣምፂኡ 'ዩ::

ካሊእ እቲ ስምምዕነት ሰላም ፕሪቶሪያ ካብ ዝፍረም ዓመትን መንፍቕን ኮይንዎ ኣሎ። እቲ ስምምዕነት ኣብ ሞንጎ መንግስቲ ኢትዮጵያን ህወሓትን 23 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ፕሪቶሪያ ናይ ስምምዕ ፌርማ እንትስማዕ ንኢትዮጵያውያን ብፍላይ ንህዝቢ ትግራይ ዓብዪ ብስራት ዘበሰረ ነይሩ። ነቲ ስምምዕነት ተኸቲሉ ቶኽሲ ጠጠው ምባሉ ናይ ብዙሓት ህይወት ዘድሐነ ነይሩ:: እዚ ኣብ ክልል ትግራይ ጥራሕ እንተይኮነስ ኩላይ ኣብ ክልላት ኣምሓራን ዓፋርን ዝነብሩ ዜጋታት ካብ መከራን ስቃይን ዘድሐነ ነይሩ። ብዙሓት ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት ስራሕ ንክጅምሩ ኣኽኢሉ 'ዩ።

እቲ ስምምዕነትን ኣተገባብርኡን ክረአ እንተሎ ዝተወሰኑ ዘይተመልኡ ኣለውዎ፤ ንሱ 'ውን ኩሎም ተፈናቐልቲ ናብ ቦተኦም ዘይምምላስ፤ካሊእ መሊእኻ ዕጥቂ ዘይምፍታሕ 'ዩ::

ምፍራም ስምምዕነት ሰላም ፕሪቶሪያ ብርስትን ዕንወትን ሂወትን ሃፍትን ደቒ ሰባት ደው ዘበለ ጥራሕ እንተይኮነስ ክልተ ዓመታት ኣብ ትግራይ ልምዓት ኾነ ሰላማዊ ምንቕስቓስ ዝሕሰብ ኣይነብረን። እቲ ዝነበረ ዕንወት ብገንዘብ ጥራሕ ዝትመን ኣይነበረን። ብዙሓት ሰላማውያን ዜጋታት ሞይቶም 'ዮም:: በዚ መሰረት ብዙሕ ሰብ ኣብ ምጭንናቕ ውሽጢ 'ዩ ነይሩ። ስለዚ እቲ ስምምዕ ኣብ ስቃይ ውሽጢ ንዝነበረ ሕዝቢ ዓብዪ እፎይታ ፈጢርሉ 'ዩ።

**ወጋሕታ፡-እዚ ስምምዕ ሰላም እዚ ፖለቲካዊ ፀገም ብፖለቲካዊ ዘተ ክፍታሕ ዝክእል ምኳኑ ዘርኣየ 'ዩ ዝብሉ ሙሁራን ኣለዉ፤ ንሶም ኣብዚ ዘለዎም ሓሳብ ተዘካፍሉና፤**

**ኮማንደር ገብረመስቀል፡-** እቲ ስምምዕነት ንኢትዮጵያ ይኹን ንኣፍሪካ ብዙሕ ትምህርቲ ዝሃበ 'ዩ። ምክንያቱ ድማ ብቀሊሉ ምትእምማን ምፍጣር ከቢድ 'ዩ:: ብፍላይ ፖለቲካዊ ፀገም ብፖለቲካዊ ዘተ ናይ ምፍታሕ ባህሊ ክዓቢ ኣለዎ፤ እዚ ንኻልኦት ዕጡቓት ሓይሊታት 'ውን ትምህርቲ ዝህብ ኮይኑ ነዚ ክኸተልዎ ድማ ኣለዎም:: እዚ ከም ባህሊ ክውሰድ ኣለዎ:: ብኹናት ዝፍታሕ ነገር የለን:: ኲናት ናብ ዝገደደ ፀገም 'ዩ ዘእትወካ:: እዚ ኲናት ኣብ ሓፂር እዋን ብስምምዕነት ደው ምባሉ ወይ ምፍትሑ ዓብዪ ዓወትን ትምህርትን 'ዩ::

እቲ ስምምዕነት ንኢትዮጵያ ብፍላይ ንህዝቢ ትግራይ ካብ ተወሳኺ መከራን ስቃይን ዘድሐነ 'ዩ:: በዚ መሰረት እቶም ሕዚ ዝዋግኡ ዘለዉ ሓይልታት ፀገሞም ብኽምዚ ክፈትሕዎ ኣለዎም:: ካብዚ ወፃኢ ካሊእ መፍትሒ የለን:: ካብ ኲናት ክሳራ እምበር ረብሓ የለን:: ኣብ ኢትዮጵያ ናይ ነኒበዓልኻ ጎንፅን ውግእን ንብዙሕ ግዜ ዝተፈተነ 'ዩ:: ኮይኑ ግና ከም ሃገር ክሳራ እምበር ጥቕሚ ኣይተረኽቦን:: ህይወትን ኣካልን ካብ ምብላዕ ኢሉ 'ውን ንብረት ካብ ምዕናው ከም ሕዝቢ ዝተጠቐሞ ነገር የለን:: ካብ ኲናት ስቃይ እምበር ተትርፎ ነገር የለን:: ተስፋ መፃኢ ወለዶ ካብ ምጥፋእ ዘሓለፈ ጥቕሚ የብሉን:: ኩሉ ግዜ ፀገምካ ብዘተ ምፍታሕ ናብ ዋጋ ዕዳጋ ክቐርብ የብሉን:: ኲናት መግለፂ ድሕረት 'ዩ፤ ስለዚ ስምምዕነት ፕሪቶርያ ንዝሓለፈ ጥራሕ እንተይኾነስ ንመፃኢ ወለዶ 'ውን ዓብዪ ትምህርቲ ዝህብ 'ዩ:: እቲ ስምምዕነት ሰላም ፕሪቶርያ ንክልላት ኣምሓራን ዓፋርን 'ውን ዓብዪ ዕረፍቲ ሂቡ 'ዩ::

እቲ ስምምዕነት ሰላም ድሕሪ ምፍራሙ መንግስቲ እቲ ስምምዕነት ካብ ዝኣተዎ ግዴታ ብዝሓለፈ ምትእምማን ንምፍጣርን ሰላም ንምጥንኻርን ኣድለይቲ 'ዮም ዝበሎም ስጉምቲ ብተኸታታሊ ወሲዱ 'ዩ:: ሰብኣዊ ሓገዝ 'ውን ብዘይ ዝኾነ ዕንቅፋት ናብ ክልል ትግራይ ዝበፅሓሉ ኩነታት ተፈጢሩ 'ዩ::

ከምቲ ቕድም ዝበልክዎ፣ ኩሉ ግዜ 'ውን ንገልፆ 'ዩ፤መንግስቲ በቲ ኲናት ስዒቡ ተቛሪፆም ዝነበሩ መሰረተ ልምዓታትን ወሃብቲ ግልጋሎታት፣ ንምፅጋንን መሊሰኻ ክጅምሩ ኣብ ምግባርን ጠንኪሩ እናሰርሐ መፂኡ 'ዩ:: በቲ ስምምእ ሰላም መሰረት ብኽልቲኦም ወገን ዘይተፈፀሙ ነገራት ክፍፀሙ ኣለዎም፤ ብፍላይ ብስምምዕነት መሰረት ዕጡቓት ህወሓት 'ውን ዕጥቂ ክፈትሑ ኣለዎም:: ተፈናቐልቲ መሊኦም ናብ መረበቶም ክምለሱ ኣለዎም:: ኩሉ ነገር በቲ ስምምዕ መሰረት ተግባራዊ ምግባር ኣደላይ 'ዩ::

**ወጋሕታ፡- ነቲ ስምምዕ ሰላም ተኸቲሉ፣ መንግስቲ ኣብ ምቕራብ ፋይናንስን መሰረተ ልምዓት ኣብ ምፅጋንን ዝኸዶ ክያዶ ሕዚ 'ውን ዝገብሮ ዘሎ ድጋፋት ከመይ ይገልፅዎ?**

**ኮማንደር ገብረመስቀል፡-**ኣብ ክልል ትግራይ ብዛዕባ ምንቅስቓስ ፋይናንስን ኢኮኖሚን ንምስላጥ መንግስቲ ብዙሕ ደገፍ ገይሩ 'ዩ:: በጀት ካብ ምምዳብ ጀሚሩ ከንሪኢ ንኽእል ኢና፤ ጠጠው ኢሎም ዝነበሩ ፋብሪካታት ናብ ስራሕ ክኣትዉ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ገይሩ 'ዩ:: በዚ ምኽንያት ብዙሓት ፋብሪካታት ስሩዕ ምንቕስቓሳት እናገበራ ዋላ እንተኾና ኩሉ ተቀሪፉ 'ዩ ምባል ግን ኣይከኣልን:: ቐንዲ ነገር እቲ ሰላም መሰረት እንተሒዙ ኣብከይዲ ኩሉ ክቐረፍ ተስፋ እገብር:: መንግስቲ ናይ ሰለም ረብሓ ዓብይ ምኳኑ ስለ ዝኣምን ኣብዚ ጉዳይ እዚ ብዙሕ ወፃኢ ብምውፃእ ብዙሓት መሰረተ ልምዓታት ናብ ንቡር ምንቕስቓስ ክምለሱ ገይሩ 'ዩ:: ብዙሓት ኣወንታዊ ስራሕቲ ተሪሑ 'ዩ ዝብል እምነት ኣለኒ::

እዚ ሰላም ኹሉ ኢትዮጵያዊ ዝፅበዮ ዝነበረ 'ዩ፤ ብምኳኑ ተግባራዊ ንክኾን 'ውን ብወገን መንግስቲን

‹‹መንግስቲ ስምምዕ... ገፅ 6

# ዕዱም ጋሻ

## ‹‹መንግስቲ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ...

ግዝያዊ ምምሕዳርን ብዙሓት ስራሕቲ ተሰሪሖም 'ዮም። በዚ ድማ ዝተወሰነ ርሕቐት ንምጉዓዝ ዘኽአለ ኮይኑ ተረኺቡ ዘሎ ውፅኢት ቐሊል ዝበሃል ኣይኮነን።

**ወጋሕታ፡- ክቕሪ የብሉን ዝብልዎ ሓሳብ እንተሃልዩ ዕድል ክህቦም፤**

**ኮማንደር ገብረመስቀል፡-** ብሓፈሻ ክሳብ ሕዚ ዘሎ ኩነታት ኣፋፃፅማ ስምምዕ ሰላም ተስፋ ዘለዎ 'ዩ፤ ብዙሓት ለውጥታት ተራእዮም 'ዮም። ክልቲኦም ኣካላት ነቲ ሰላም ተዘይተሓባበሩ ነይሮም ዝተመዝገበ ውፅኢት ክርከብ ኣይንተኽኣለን። ብፍላይ ከምቲ ቐድም ዝበልክዎ መንግስቲ ብቐራፅነት ሰሪሑ 'ዩ። እዚ ተረኺቡ ዘሎ ሰላም ኣብዚ ብርኪ እዚ ክበፅሕ ዝኸኣለ ህዝቢ ሓገዚ ስለ ዝኾነ 'ዩ። ሳላ እዚ ስምምዕ ሕዚ ንሪኦ ዘለና ሰላም ምረኣይ ክኢልና ኢና።

ኾይኑ ግና ህወሓት ነቲ ስልጣን ጠቕሊሉ ክሕዞ ክኢሉ 'ዩ። እዚ በቲ ስምምዕነት መሰረት ክስተኻኸል ኣለዎ። ካልኦት ኣካላት 'ውን ተሳተፍቲ ክኾኑ ኣለዎም። እዚ ስምምዕ እዚ ንኻልኦት ዕጡቓት 'ውን ትምህርቲ ዝህብ 'ዩ፤ ካብዚ ክመሃሩ ይግበኦም፤ ስለዚ እዚ ስምምዕ እዚ ብዙሓት ኣወንታዊ ነገራት ሒዙ ዝመፅ ኮይኑ ካልኦት ጎንፅታት ንምፍታሕ መርኣያ ክኸውን ዝኽእል 'ዩ። በቲ ስምምዕነት ሰላም ክሳብ ሕዚ ዝተረኽበ ራህዋን እፎይታን ከምዘሎ ኾይኑ እቲ ሰላም ብዝበለፀ ክፀንዕ ድማ ዝተረፉ ስራሕቲ ብምትሕብባር ክፍፀሙ ኣለዎም።

**ወጋሕታ፡- ንዝነበረና ፃኒሕ የቐንየልና።**

**ኮማንደር ገብረመስቀል፡-** ኣነ 'ውን የቐንየለይ።

## ርክብ ኣፍሪካን...

መጀመርያ ኣብ እዋን ኹናት ኮሪያ ከምዝኾነ ድሕሪ ምዝኽኻር፤ እዚ ድማ ኣብ ሓበራዊ ዝኾነ ድሕንነት ዝተመስረተ ጠንካራ ኣጋርነት ዝተርኣየሉ ከምዝኾነ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብቲ ጉባኤ ኣልዒሎም። ኣብ እዋን ኹናት ኮሪያ ናፃነታ ንምሕላው ኣብ ዝተገበረ ቃልሲ ኢትዮጵያ ግዲኣ ብምዉፋይ ንኮሪያ ኣጋርነታ ከምዘርኣየት ኣዘኻኺሮም።

ድሕሪ እቲ ኹናት ምስ ኮሪያ ዘለና ርክብ እናሰፍሐ እንትኾን፤ እዚ ሓበራዊ ዕብየት መሰረት ዝገበረ ዘፈር ብዙሕ ስራሕቲ ንምስራሕ ዛዓለመ 'ዩ ክብሉ ደጊሞም ኣረዲኦም።

ኢትዮጵያ ብምግቢ ባዕልኻ ንምኽኣል፣ ብኣየር ንብረት ለውጢ፣ ብዘፈር ሓይሊ ኤሌክትሪክ ዘሎ ፀገም ንምፍታሕ ጠንኪራ እናሰርሐት 'ያ ዝበሉ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ብልምዓት ስርናይን ብሓምለዋይ ዓሻራ ብዙሓት ውፅኢት ከምዘመዝገበት ገሊፆም።

ኣብ ሕብረት ኣፍሪካ ዝተቐመጠ ኣጀንዳ ለውጢ ግብርና ተግባራዊ ንምግባር ኢትዮጵያ ጠንኪራ ስራሕቲ እናሰርሐት 'ያ፤ በዚ መገዲ ርክብ ኮሪያ-ኣፍሪካ ዝሓሸ ውፅኢት ንምምዝጋብ ከምዝሕግዝ ኣመልኪቶም።

ቀዳማዊት እመቤት ዝናሽ ታያቻው ብወገነን፤ ኣብ ደቡብ ኮሪያ ዝርከብ ሲላኦም ማእኸል ዓይነ ስውራን ዝባሃል ትካል ተረኺበን ንዓይነ ስውራን ተምሃሮ ብዘመናዊ ቴክኖሎጂ ብምሕጋዝ ዝዋሃብ ስልጠናታት ከምዝተመልከታ ገሊፀን። እዚኦም ስልጠና ኣብ ኢትዮጵያ ተግባራዊ ንምግባር ምስ እቲ ትካል ሓላፊ ዘተ ከምዝገበራ ቤት ፅሕፈት ቀዳማዊት እመቤት ኣፍሊጡ።

ብተወሳኺ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ምስ ፕሬዝዳንት ደቡብ ኮርያን ኣብ ኸልቲኣዊ ጉዳያት መኺሮም።

እዚ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር)ን ቀዳማዊት እመቤት ዝናሽ ታያቸውን ብሰኑይ ወግዓዊ ዑደት ንምግባር ናብ ደቡብ ኮርያ ሴኡል ኣብዝኸድሉ 'ዩ።

እቲ ዝተፈረመ ሓደ ቢሊዮን ዶላር ኣብ ዝቕፅሉ ኣርባዕተ ዓመታት ንዝትግበሩ ፕሮጀክትታት ማለት ንመሰረተ ልምዓት፣ ህንፀት ዓቕሚ ሳይንስን ቴክኖሎጅን፣ ንጥዕና ዝውዕል 'ዩ ክኸውን።

ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር)ን ቀዳማዊት እመቤት ዝናሽ ታያቸው ኣብ ኮርያ ከተማ ቹንቺዮን ናይ ኢትዮጵያ ሰራዊት ናብ ናይ ኮርያ ኲናት ናይ ዝዘመትሉ ማእኸል መዘከርታ ዑደት ኣካይዶም።

እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ ገፆም ከምዘሰፈርዎ፣ ፕረዚደንት ዩን ሱክ ኣብ ይኦል ንዝገበሩልና ኣቐባብላ ኣመስግን ኢሎም።

ርክብ ኢትዮጵያን ደቡብ ኮርያን ልዕሊ ስሳ ዓመት ዝገበረ 'ዩ። ኣብ ቀፃሊ ዝምድናና ዝያዳ ድልዱል ኮይኑ ከምዝቕፅል እምነተይ ጠንካራ 'ዩ ክብሉ ኣብ ድህረ ገፆም ወሲኾም ገሊፆም።

እቲ መዘከርታ እዚ ንሓይልታት ምስ ደቡብ ኮርያን ሕቡራት ሃገራትን መስዋእቲ ዝኸፈለትን ኣበርክቶ ዝገበሮ ናይ ኢትዮጵያ ቃኘው ሻለቃ ብኽብሪ ዝዝከረሉ እንትኸውን፤ ታሪኻዊ ርክብ ኢትዮጵያን ደቡብ ኮርያን ንምጥንኻር ዝተሰርሐ ምዃኑ ካብ ቤት ፅሕፈት ቀዳማይ ሚኒስትር ዝተረኸበ ሓበሬታ የማላኽት።

ክልቲኦም ወገናትን ጉጅለ ልኡኻቶምን ክልተኣዊ ዝርርብ ዘካየዱ እንትኾኑ፣ ኣብ መንጎ ኮሚሽን ስነ-ምግባርን ፀረ ግዕዝይናን ፌደራል ኢትዮጵያን ኮሚሽን ፀረ ግዕዝይናን ሲቪላዊ መሰላትን ደቡብ ኮርያን ስምምዕነት ተፈራሪሞም።

## መንግስቲ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ...

'ዩ ዝርከብ። ኣብ መንጎ መንግስቲ ፌዴራልን ህወሓትን ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ከተማ ፕሪቶሪያን ኣብ ኬንያ ናይሮቢን ብዝተበፅሐ ስምምዕነት ሰላም ኣብ ከይዲ ትግበርኡ ተስፋ ዝህብ 'ዩ። ብኽልቲኡ ወገን ዘበራታትዑ ተግባራት ተሰሪሖም 'ዮም እናተፈፀሙ 'ውን 'ዮም። ኮይኑ ግና እዞም ተግባራት እዚኦም ተጣናኺሮም ክቕፅሉ ኣለዎም ክብሉ ይገልፁ።

ከም ገለፃ እቶም ኮማንደር፣ መንግስቲ ፌዴራል ብፍላይ ፅባሕ እቲ ፌርማ ጀሚሩ ምስ ምቕራብ ሰብኣዊ ሓገዝ ተተሓሒዙ ዝኸዶም ዘለዉ ተግባራት ዝበራታትዑ 'ዮም። ኣብ ዝሓፀረ እዋን ከም መብራህቲ፣ ቴሌን ካልኦት መሰራታዊ ነገራትን ኣብ ምቕራብ ዝገበሮ ምንቕስቓስ ዝነኣድ 'ዩ። ከምኡ 'ውን ኣብ ምቕራብ እኽልን መድሓኒትን ፅቡቕ 'ዩ።

መንግስቲ ሰብኣዊ ሓገዝ እናቕረበ 'ዩ ዝርከብ፤ ይኹን 'ምበር ምስ በዝሒ ቑፅሪ ተሓጋዚ ክረአ እንተሎ እኹል ስለዘይኮነ ህዝቢ ነንበዓርሱ ክተሓጋገዝ ይግባእ፤ ምኽንያቱ እዚ መንግስቲ ጥራሕ ክሸፍኖ ኣይኽእልን ክብሉ ኮማንደር ገብረመስቐል ይዛረቡ።

መንግስቲ ኣብ ኣተገባብርኡን ቕልጥፍንኡን ግና ብኣወንታዊ መልክዕ ዝረአ 'ዩ ዝበሉ እቶም ኮማንደር፤ እቲ ስምምዕነት ሰላም ክሳብ ሕዚ ካብ ህዝቢ ትግራይ ሓሊፉ ንህዝቢ ኢትዮጵያ 'ውን ርኡይ ረብሓ ኣምፂኡ 'ዩ። ብመሰረት እቲ ስምምዕነት ሰላም እቲ ሰላም ክፀንዕ እንተኾይኑ መንግስቲ ፌዴራል ይኹን ህወሓት ብቐራፅነት ክሰርሑ ኣለዎም።

ነቲ ስምምዕ ስዒቡ ብዙሓት ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት ስራሕ ንክጅምሩ ኣኺኢሉ 'ዩ። እቲ ስምምዕነትን ኣተገባብርኡን ክረአ እንተሎ ዝተወሰኑ ዘይተመልኡ ኣለውዎ፤ ንሱ 'ውን ኩሎም ተፈናቐልቲ ናብ ቦተኦም ዘይምምላስ፤ካሊእ መሊእኻ ዕጥቂ ዘይምፍታሕ 'ዩ ይብሉ።

መንግስቲ ነቲ ስምምዕ ሰላም ተኸቲሉ ኣብ ምቕራብ ፋይናንስን መሰረተ ልምዓት ኣብ ምፅጋንን ዝኸዶ ዘሎ ክያዶ ሕዚ 'ውን ዝገብሮም ዘለዉ ድጋፋት ዝበራታታዕ 'ዩ፤ ኣብ ክልል ትግራይ ብዛዕባ ምንቅስቓስ ፋይናንስን ኢኮኖሚን ንምስላጥ መንግስቲ ብዙሕ ደገፍ ገይሩ 'ዩ። በጀት ካብ ምምዳብ ጀሚሩ ከንሪኢ ንኽእል ኢና፤ ጠጠው ኢሎም ዝነበሩ ፋብሪካታት ናብ ስራሕ ክኣትዉ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ገይሩ 'ዩ። በዚ ምኽንያት ብዙሓት ፋብሪካታት ናብ ስሩዕ ምንቕስቓስ ተመሊሰን 'የን።

መንግስቲ ናይ ሰለም ረብሓ ዓብይ ምዃኑ ስለ ዝኣምን ኣብዚ ጉዳይ እዚ ብዙሕ ወፃኢ ብምውፃእ ብዙሓት መሰረተ ልምዓታት ናብ ንቡር ምንቕስቓስ ክምለሱ ገይሩ 'ዩ። ብዙሓት ኣወንታዊ ስራሕቲ ሰሪሑ 'ዩ ይብሉ።

እቲ ስምምዕነት ሰላም ድሕሪ ምፍራሙ መንግስቲ እቲ ስምምዕነት ካብ ዝኣተዎ ግዴታ ብዝሓለፈ ምትእምማን ንምፍጣርን ሰላም ንምጥንኻርን ኣድለይቲ 'ዮም ዝበሎም ስጉምቲ ብተኸታታሊ ወሲዱ 'ዩ። ሰብኣዊ ሓገዝ 'ውን ብዘይ ዝኾነ ዕንቅፋት ናብ ክልል ትግራይ ዝበፅሓሉ ኩነታት ተፈጢሩ 'ዩ።

መንግስቲ በቲ ኩናት ስዒቡ ተቋሪፆም ዝነበሩ መሰረተ ልምዓታትን ወሃብቲ ግልጋሎታት ብምፅጋንን መሊስኻ ክጅምሩ ኣብ ምግባርን ጠንኪሩ እናሰርሐ መፂኡ 'ዩ። ኮይኑ ግና በቲ ስምምእ ሰላም መሰረት ብኽልቲኦም ወገን ዘይተፈፀሙ ነገራት ክፍፀሙ ኣለዎም፤ ብፍላይ ብስምምዕነት መሰረት ዕጡቓት ዕጥቂ ክፈትሑ ኣለዎም። ተፈናቐልቲ መሊኦም ናብ መረበቶም ክምለሱ ኣለዎም። ኩሉ ነገር በቲ ስምምዕ መሰረት ተግባራዊ ምግባር ኣደላይ 'ዩ ብምባል ይገልፁ።

ምፍራም ስምምዕነት ሰላም ፕሪቶሪያ ብርሰትን ዕንወትን ሂወትን ሃፍትን ደቂ ሰባት ደው ዘበለ ጥራሕ እንተይኮነስ ክልተ ዓመታት ኣብ ትግራይ ልምዓት ኾነ ሰላማዊ ምንቕስቓስ ዝሕሰብ ኣይነብረን ዝበሉ እቶም ኮማንደር፤ እቲ ዝነበረ ዕንወት ብገንዘብ ጥራሕ ዝትመን ኣይነበረን። ብዙሓት ሰላማዊያን ዜጋታት ሞይቶም 'ዮም። በዚ መሰረት ብዙሕ ሰብ ኣብ ምጭንናቕ ውሽጢ 'ዩ ነይሩ። ስለዚ እቲ ስምምዕ ኣብ ስቃይ ውሽጢ ንዝነበረ ሕዝቢ ዓብዪ እፎይታ ፈጢርሉ 'ዩ 'ዮም ዝብሉ።

ከም ገለፃ ኮማንደር ገብረመስቀል እቲ ስምምዕነት ንኢትዮጵያ ይኹን ንኣፍሪካ ብዙሕ ትምህርቲ ዝሃበ 'ዩ። ምክንያቱ ድማ ብቀሊሉ ምትእምማን ምፍጣር ከቢድ 'ዩ። ብፍላይ ፖለቲካዊ ፀገም ብፖለቲካዊ ዘተ ናይ ምፍታሕ ባህሊ ክዓቢ ኣለዎ፤ እዚ ንኻልኦት ዕጡቓት ሓይሊታት 'ውን ትምህርቲ ዝህብ ኮይኑ ነዚ ክኽተልዎ ድማ ኣለዎም። እዚ ከም ባህሊ ክውሰድ ኣለዎ።

ብኹናት ዝፍታሕ ነገር የለን ዝበሉ ኮማንደር ገብረመስቀል፤ ኩናት ናብ ዝገደደ ፀገም 'ዩ ዘእትወካ። እዚ ኲናት ኣብ ሓፂር እዋን ብስምምዕነት ደው ምባሉ ወይ ምፍትሑ ዓብዪ ዓወትን ትምህርቲ ዝህብን 'ዩ። በዚ መሰረት እቶም ሕዚ ዝዋግኡ ዘለዉ ሓይልታት ፀገሞም ብኸምዚ ክፈትሕዎ ኣለዎም ክብሉ ይመኽሩ።

## ኣጀንዳታት ምፍላዮም ፍርቂ...

መዳርግቲ ኣካላት ብሓባር መኺሮም ኣብ ቀፃሊ ኣብ ዝካየድ ሃገራዊ ምኽክር ጉባኤ ክስርሑ ይግባእ ተባሂሎም ዝተኣመነሎም ኣጀንዳታት ብምእካብ ንቤት ምኽሪ ኮምሽን ከምዘረከቡ ዕላዊ ገይሮም፡፡

ናይቲ መድረኽ ዋና ዓላማ ዝነበረ ኣጀንዳ ናይ ምእካብ ተግባር ብይምልከተኒ 'ዩ ሓላፍነት መንፈስ ከምዘካየዱ ገሊፆም፡፡ ከይዲ ኣጀንዳ መረፃ ኢትዮጵያውያን እቲ ዕድል እንተረኺብና ንሓሳብ ምፍልላይን ዘይምርድዳእን መልዓሊ ዝኾኑ ምኽንያታት ብዝሰኸነ፣ ብዘተ ብምድምማፅ ብዝሰፈና ምምኽኻር ከምንኽእል ዘርኣየ 'ዩ ክብሉ ተዛሪቦም፡፡ ኣብ መልዓሊ ፀገማትና ዙርያ ንምርድዳእ ከምዘይኽብደና ኣብ ከይዲ ዝተሳተፉ መዳርግቲ ኣካላት ኹሉ ዘስተውዕልዎ ጉዳይ 'ዩ ኢሎም፡፡

በቢመድረኹ ሓሳባት ብዘይገደብ ምሽርሻሮም፤ ተሳተፍቲ ዝወከልዎም ክፋል ሕብረተሰብ መዳረግቲ ኣካላት ድምፅን ድልየትን ንክስማዕ ፃዕሪ ገይሮም፡፡ እቶም ኣጀንዳ እንትጠቓለሉ ሓሳባት ከይወፁ ወይም ከይተኻተቱ ከይተርፉ ንምግባር ዝነቅሐ ተሳትፎ ከምዝተገበረ 'ውን ተዛሪቦም፡፡

ኣብቲ ከይዲ ዝተፈላለየ ኣመለኻኽታን ሓሳብ ዘለዎም ወገናት ኣብሓደ ኣዳራሽ፣ ኣብ ሓደ ክቢ ጠረንቤዛ ምርኻብን ሓሳብ ምቅይያር ክኢሎም 'ዮም ኢሎም፡፡ እዚ ድማ ዘይምርድዳእን ሓሳብ ምፍልላይ ብምኽክር ምፍታሕ ባህሊ ብምዕባይ እንገብሮ ነዊሕ ጉዕዞ ሓደ ስጉምቲ ክኾን ከምዝኽእል ዝእመን 'ዩ ክብሉ እቶም ኮምሽነር ገሊፆም፡፡

ንምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ፣ ኣመራርሓን ባዓል ሞያን ትካላት ሚድያ ፣ ኣባላት ፎረም ሚድያ ሃገራዊ ምኽክር፣ ንኣካላት ፀጥታ፣ ንሰራሕተኛታት ኣመራርሓን ሙዝየም መዘከርታ ዓወት ዓድዋ፣ ከምኡ'ውን ኣብቲ ከይዲ ንዝተሳተፉ ትካላትን ውልቀሰባትን ምስጋና ኣቕሪቦም፡፡

እቲ ከይዲ ግልፂ ንክኾንን ህዝብን መዳርግቲ ኣካላትን እዋናዊ ሓበሬታ ምርካቦም ወሳኒ ጉዳይ ብምዃኑ በቢ እዋኑ ሓበሬታ ተበፃሒ ንምግባር ኣብቲ ዙርያ ግንዛበ ንምፍጣር ዝተገበረ ፃዕሪ ዓብይ ነይሩ፡ ፡ እቲ ኮምሽን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝገበሮ መድረኽ ብምግምጋምን ኣብ ቀፃሊ ከመሓየሹ ዝግበኦም ኣፈፃፅማ ብምምሕያሽ ኣጀንዳ ኣተኣኻኽባ ምዕራፍ ምኽክር ብተመሳሳሊ መልክዑ ኣብ ምምሕዳር ከተማ ድሬዳዋ ብ12 ክልላት ከምኡ 'ውን ብርኪ ፌደራልን ድያስፖራን ከምዝቕፅል ኣፍሊጦም፡፡

ኹሎም ኣጀንዳ ድሕሪ ምትእኽኻብ ቤት ምኽሪ ኮምሽን ብኣዋጅ ብዝተውሃበ ተግባርን ሓላፍነትን መሰረት ኣጀንዳ ብምቕራፅ ተግባር ክሰርሕ 'ዩ ፡፡ እዚ ከይዲ እንትዛዘም ኣብቲ ሃገራዊ ጉባኤ ምኽክር ዝግበረሎም ኣጀንዳታት ንህዝብን መዳርግቲ ኣካላትን ዕላዊ ከምዝግበር እቶም ፕሮፌሰር ኣረዲኦም፡፡

# ኣዋጅ መረፃ፣ ምዝገባ ፖለቲካዊ ፓርቲታትን መመሓየሺ ስነ-ምግባር መረፃን ኢትዮጵያ ፀዲቑ

በሪሁ ኣረጋ

ኣዲስ ኣበባ፡- ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ኣዋጅ መረፃ፣ ምዝገባ ፖለቲካዊ ፓርቲታትን መመሓየሺ ስነ-ምግባር መረፃን ኢትዮጵያ ብቐድሚ ትማሊ ኣፅዲቑ።

እቲ ኣዋጅ ካብ ማዕቀፍ ሕጋውን ሰላማውን ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ወፃኢ እናተንቀሳቐሱ ንዝፀንሑ ፖለቲካዊ ጉጅለታት ብሰላማዊ መገዲ ንምንቅስቓስ ዘኽእል፣ ንህንፀት ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ብፅሒቶም ንኸበርክቱ በሪ ዝኸፍት 'ዩ።

ኣብ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ሚኒስትር ተፀዋዒ መንግስቲ ኣይተ ተስፋዬ በልጅጌ ንኣድላይነትን ግቡእነትን እቲ ኣዋጅ ብዝምልከት ከም ሃገር ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ዝተፈጠሩ ናይ ለውጥን ዴሞክራሲያውን ስግግራት ብኣግባቡ ብዘይምጥቃምና። ኣብ ጎንፅን ኲናትን ፀኒሕና ኢና። ዛጊድ ከም ሃገር እናጋጠሙና ዝርከቡ ፀገማት ንምፍታሕ ብመንግስትን ህዝብን ዝተፈላለዩ መመሓየሺታት እናተገበሩ ይርከቡ።

ሓቛፋይ ሃገራዊ ምኽክር ምግባርን ፍትሒ ስግግር ምዕሳልን ኣድላዪ ምዃኑ ብምግንዛብ ንተግባራዊነቱ ብፅሒቱ እናተዋፅኡ ይርከቡ።

ንህንፀት ዴሞክራሲ መሕንኞ ዝኾኑ ሕግታት ናይ ምምሕያሽ ስራሕቲ እናተሰርሑ 'ዮም። እዚ ኣዋጅ ምፅዳቑ 'ውን መሰረታዊ ሃገራዊ ፀገማት ንምስጋር ዓብዪ ረብሓ ከምዝህልዎ ተዛሪቦም።



# ጃፓን ንምጥያሽ ነበር ተዋጋእቲ 6.7 ሚልዮን ዶላር ሓገዝ ኣበርኪታ

መኣርግ ገ/ሄር

ኣዲስ ኣበባ፡- መንግስቲ ጃፓን ኢትዮጵያ ኣብ ናይ ምፍታሕ ኣፅዋር ነበር ተዋጋእቲ እትገብሮ ስራሕ 6.7 ሚልዮን ዶላር ሓገዝ ኣበርኪቱ።

እቲ ገንዘብ ሃገራዊ ኮሚሽን ተሃድሶ ነበር ተዋጋእቲ ዲሞብላይዝ ናይ ምግባር ስልጠና ንምዕባይን ምህናፅ ዓቕምን ንዝገብሮ ፃዕሪ ከምዝውዕል ተገሊፁ።

እቲ ናይ ደገፍ ስምምዕ ኣብ መንጎ ሚኒስትር ዲኤታ ፋይናንስ ሰመሪታ ሳዋስውን ምክትል ኮሚሽነር ሃገራዊ ተሃድሶ ኣይተ ተስፋዬ ይሕደጎን ኣብዝተረኽብሉ ኣብመንጎ ኣምባሳደር ጃፓን ኣብ ኢትዮጵያ ሺባታ ሂሮኖሪን ናይ ሕቡራት ሃገራት ፕሮግራም ልምዓት ወኪል ናይ ኢትዮጵያን ሳሙኤል ጂዶ ከምዝተፈረመ ካብ ሚኒስትሪ ፋይናንስ ዝተረኸበ ሓበሬታ የርድእ፡፡

ሃገራዊ ኮሚሽን ተሃድሶ ኣብታ ሃገር ኣብ ሸሞንተ ክልላት ነበር ተዋጋእቲ ዕጥቒ ናይምፍታሕ፣ ናብ ሕብረተሰብ ብምምላስ ሰላማዊ ህይወት ንምምራሕ ናይ ምግባር ስራሕ ክሰርሕ 'ዩ፡፡



# ጂኦ-ፖለቲካል ሰላምን ደሕንነት ከባቢ ቀይሕ ባሕሪ ንምሕላው ምትሕብባር ሃገራት እቲ ቀጣና ወሳኒ ግደ ኣለዎ

ኣብርሃ ሓጎስ




ኣዲስ ኣበባ፡- ጂኦ-ፖለቲካል ሰላምን ደሕንነት ከባቢ ቀይሕ ባሕሪ ንምሕላው ምትሕብባር ሃገራት እቲ ቀጣና ወሳኒ ግደ ከምዘለዎ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ሚኒስትር ወፃኢ ጉዳያት ኣምባሳደር እሸቴ ጥላሁን ገሊፆም።

ለውጢ ጂኦ-ፖለቲካል ዞባዊ ቀይሕ ባሕሪን ድሕንነት ባሕር ከምኡ 'ውን ንኢትዮጵያ ኣማራፂ ወደብ ንምርካብ ዘኽእላ ዓለም ለኸ ተሞክሮ ዝድህስስ ካልኣይ ዘተ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተኻይዱ።

ኣብቲ መድረኽ ሓለፍቲ ስራሕ ሚኒስትር ወፃኢ ጉዳያትን ጉዳያት ወፃኢ ኢንስቲትዩትን፣ መኮንናት ሰራዊት መከላኸልን፣ ኣምባሳደራት ሃገራት ኣብ ኢትዮጵያ፣ ዓለምልኸ ሙሁራትን ካልኦት ኣካላትን ተሳቲፎም።

ኣብዚ እዋን ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ሚኒስትር ወፃኢ ጉዳያት ኣምባሳደር እሸቴ ጥላሁን ከምዝበልዎ፤ ጂኦ-ፖለቲካል ሰላምን ደሕንነት ቀይሕ ባሕርን ቀጠናኡን ንምሕላው ዝተሓባበረ ፃዕሪ የድሊ።

መድረኽ ምኽክር ዞባዊ ጂኦ-ፖለቲካል ቀይሕ ባሕሪ፤ ኢትዮጵያ ቀፃልነት ዘለዎ ኣብ ምትሕብባር እቲ ቀጠና ዝ ህልዋ ግደ ኣብ ኣብ ምጉላህ ናይ ሓባር ምርድዳእ ንምሓዝ ንፁር ረብሓ ከምዘለዎ ተዛሪቦም።

ኢትዮጵያ ሰላምን ደሕንነትን ቀጠና ቀይሕ ባሕሪ ንምሕላው ኣብ ዝግበር ናይ ሓባር ፃዕሪ ንፁር ብፅሒት ከምዘለዋ ብምሕባር፤ በዚ መንፅር ኢኮኖሚያዊ ዕብየታ ከተኣናግድ ዘኽእል በዓል ቤት በሪ ባሕሪ ንምኳን ዝግበር ፃዕሪ ግቡእ ምኳኑ ኣረዲኦም፡፡

ኣብ ዘፈር ዓለምለኸ ሰላምን ደሕንነትን ብታሪኽ ዝዝከር ልዑል ግደ ኣብ ምግባር ከምዝትርከብ 'ውን ኣልዒሎም።

ዋና ዳይሬክተር ኢንስቲትዩት ወፃኢ ጉዳያት ጃፋር በድሩ፤ ኢትዮጵያ ድሕንነት ቀይሕ ባሕሪ ንምሕላው ቀጣናዊ ምትርማስ ንምርግጋእ ዘይትካእ ግደ ዘለዋ ሃገር ምኳና ገሊፂም።

ምንቅስቓስ ጂኦ-ፖለቲካል ቀይሕ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ይምልከት 'ዩ ዝበሉ ኣይተ ጃዕፈር፤ ሃገራት እቲ ቀጠና ንኢትዮጵያን ዘግለለ ሰላምን ደሕንነትን ዝገብርዎ ኣካይዳ ውፅኢታዊ ከምዘይከውን ተዛሪቦም።

ምትእስሳር ታሪኻዊ ህልውና ኢትዮጵያ ምስ ቀይሕ ባሕሪ ዝተኣሳሰረ ከምዝኾነ ኣብራሪሆም፡፡

ኣብ ዛዕባ ቀይሕ ባሕሪ ዝግበር ኢትዮጵያ ናይ ምግላል ኸይዲ ሓደ ኣርሒቅካ ዘይምሕሳብ 'ዩ ወይ ከዓ ምስ ታሪኻዊ ፀላእቲ ዝምንጭው ምኳኑ ገሊፆም።

ነዚ ድማ ቀይሕ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ኢኮኖሚያዊ፣ ወታደራዊና ስትራቴጂካዊን ምንቅስቓስ ዘለዎ ወሳንነት ተሓሳቢ ብምግባር ቀጣናዊ ቅልጥፉን ተለዋዋጥን ኩነታት መሰረት ዝገበረ ስሕ እናተሰርሐ 'ዩ ኢሎም።

ኣብቲ መድረኽ ውን ካብ ላዕላዋይ ዞባ ቀይሕ ባሕሪ ክሳብ ወሽመጥ ባሕሪ ኤደን ዝተወፃፅኡ ምሁራንትን ሓለፍቲ ስራሕን ኣብ ዝተረኸብሉ ምኪያዱ ድማ ቀጣናዊ ሰላምን ድሕንነትን ንምኽባር ንፁር ረብሓ ከምዘለዎ ገሊፆም።

ካብዚ መበገሲ ብምግባር ቀይሕ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ብቀሊሉ ዝርኣይ ጉዳይ ዘይኮነስ ኣካል ህልውናኣ ብምኳኑ ዝግበሩ ትርኽትታት፣ ምኽክር፣ ኣብ ጉዳያት ሰላምን ድሕንነት ንቑሕ ተሳትፎ ክትግብር 'ያ ኢሎም።

ኣብቲ መድረኽ ምኽክር ኣብ ዞባ ቀይሕ ባሕሪ ዝስትውዓል ስግኣት ሰላምን ድሕንነት፤ ኣብ ልዕሊ ግልጋሎት መራኽብ ዘብፅሖ ተፅዕኖን ኣብ ፍትሓዊ ግልጋሎት ወደብ ልምድን ተሞክሮን ዓለምለኸ ዝድህስሱ መበገሲ ፅሑፍ ቀሪቦም ምኽክር ተኻይድሎም 'ዩ።

ብኢንስቲትዩት ጉዳያት ወፃኢ ኣብ ዝተዳለወ መድረኽ ሓደሽቲ ስግኣታት ድሕንነት ዞባ ቀይሕ ባሕርን፣ ፍትሓዊ ኣጠቃቅማ ወደብን ዓለምለኸ ልምድን ተሞክሮታትን መፍትሒ መመልከቲ ሓሳባት ቀሪብም።



# ስፖርት



## ስፖርትን ግደ መራኸብቲ ሓፋሽን

**መሰረት ገብረዮሃንስ**




ስፖርት ኸዚ ዝበፅሖ ብርኪ ዕብየትን ዘመናዊነትን መሰረታዊ ለውጥታት ካብ ዘምፅኡ ጉዳያት መራኸቢ ሓፋሽ ዓብይ ግደ ዝሕዝ ‘ዩ:: ከም ኣቆፃፅራ ኣውሮፓ 1990 ፍርቂ ጀሚሩ መራኸቢ ሓፋሻት ንስፖርት ዝህብዎ ሽፋን ምውሳኹ ስዒቡ ተበፃሕነት ጥራሕ እንተይኾነስ ስፖርት ባዕሉ ዝኻኣለ ዓብይ ዘፈር ንክኾን ኣኸኢሎም ‘ዮም:: እዚ ኩነታት ኣብ ኢትዮጵያ ‘ውን ዝስትውዓል እንትኾን ትኹረቶም ኣብ ስፖርት ዝገበሩ ናይ ሕትመት፣ ብሮድካስት ከምኡ ‘ውን ድሕረ ገፃት ካብ እዋን ናብ እዋን እናበዝሑ ‘ዮም:: ነቲ ዘፈር ዘለዎም ግደ ‘ውን ልዑል ‘ዩ::

ምንስቃስ ስፖርት ሃገራት ንምዕባይን ብዓለም ለኸ ብርኪ ፅዕንቶ ፈጣሪ ንምኳን ኣብ ሜዳ ስፖርት ዝምዝገብ ውፅኢት በይኑ ዋጋ ኣህልዎን:: መራኸቢ ሓፋሽ ሽፋን ተረኺብሉ ንሕብረተሰብ ተበፃሒ ክኾን ይግባእ:: ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ናይ ሐዚ እዋን ኩነታት ከምዘሪኦ መራኸቢ ሓፋሻት ኣብ ውሽጢ ሃገር ጉዳይ ስፖርት ሽፋን ሂቦም ዝሰርሑ ብጣዕሚ ዉሑዳት ‘ዮም:: ስፖርትን መራኸቢ ሓፋሻትን ዘይነፃፀሉ ናይ ሓንቲ ሳንቲም ክልተ ገፃት ኾይኖም እናሃለዉ ሃገራዊ ስፖርት ትኹረት ብምስኣኑ ዝገርም እንተኾነ ‘ውን ኣብዚ ዝተፈላለዩ ምኽንያታት ግን ክላዓሉ ይኽእሉ ‘ዮም::

ናይ ሀገር ውሽጢ ስፖርት ብምፍላጥ ታሪኽ ናይ ምስናድ ዓብይ ግደ እናተፃወተ ዝፀንሐ ውፅኢት ሕትመት ምድኻምን ምጥፋእን ተጠቀስቲ ‘ዮም:: ኣብ ስፖርትን ዝተፈላለዩ ጉዳያትን ትኹረት ገይሮም ዝሰርሑ ጋዜጣታት ብዙሓት እንተኾኑ ‘ውን ካብ ሕትመት ዋጋ ምኽባር ካልኦት ተደሓሓዝነት ዘለዎም ፀገማት ዝተልዓለ ዝተዓፀዉ ጋዜጣታታት ቁፅሪ ዉሑድ ኣይኮነን:: ርግፅ ናይ ብሮድካስትን ድሕረ ገፅን ምፍጣሮም ንስፖርት ዓብይ ትንሳኤን ምምፃእ ክኢሉ ‘ዩ:: ኾይኑ ግና ኣብ ኢትዮጵያ ብዝግበኦ ልክዕ ትኹረት ረኺቡ ንክዓቢ ኣመራርሓታት ብምፍታሽ ዝተሰርሐ ስራሕ ኣፅጋቢ ኣይኮነን::

ኮርፖሬሽን ብሮድካስቲግ ኢትዮጵያ ኣብ ትሕቲኡ ካብ ዝርከቡ ጣብያታት ሓደ ዝኾነ ኤፍኤም ኣዲስ 97ነጥቢ1 ናይ ምስረታ ክብረ ባዓል ብዝተፈላለዩ ሃገራዊ ጉዳያትን ዘተ ብምክያድ ዘኽበረ እንትኾን፤ ኣብቲ ዘተ ካብ ዝቐረቡ ጉዳት ርክብ ስፖርትን መራኸቢ ሓፋሽን ዝምልከት ‘ዩ:: መረኸቢ ሓፋሽ ንዕብየት ስፖርት ኢትዮጵያ ዘለዎ ግደ፣ ፀገማትን ቀፃሊ ጉዕዞን ብዝብል መልዓሊ ሓሳብ ተላዒሎም ብስፖርት ጋዜጠኛታት፣ ሓለፍቲ ፌደሬሽን ስፖርት ከምኡ ‘ውን ኣሰልጠንቲ ሓሳቦም ሂቦም ‘ዮም::

ኣብ ዕብየት ስፖርት ኢትዮጵያ ውሽጢ ናይ ሕትመት፣ ብሮድካስትን ማሕበራዊ ሚድያን ግደ ዓብይ ከምዝኾነን ስፖርት ሓደ ስጉምቲ ንክኳዓዝ ከምዝገበረን ኣብ ዝቐረበ ፅሑፍን ዘተን ተሳተፍቲ ሓሳብ ሂቦም ‘ዮም:: እቲ ስፖርት ምፍላጥ፣ ታሪኽ ብምህናፅን ብምምሃር ዓብይ ግደ ኣለዎም:: ኣብ ዓለም መድረኽ ብስፖርት ዝተፈጠሩ ጀጋኑ፣ ዓወታትን ንሃገር ዝተገበሩ ቃልስታት ብጋዜጣ ተሓቲሞም፣ ብሬድዮን ቴሌቪዥንን ተፀብዒቦም ናይ ሓባር ታሪኽ ብምኳን ንክዝከሩ ምግባር ተኻኢሉ ‘ዩ:: ኢትዮጵያ ብስፖርት ብብርኪ ዓለም ብዓወት ንክትፍለጥ ገፅትኣ ንክትቕየር ገይሩ ‘ዩ:: ኾይኑ ግና መራኸቢ ሓፋሽ ናይቲ ዘፈር ኣመራርሓ ኣብ ምፍታሽ ክሰርሑ ከምዝግባእ ተጠቂሱ ‘ዩ::

ስፖርት ብዓለም ለኸ ናይ ስፖርት ማሕበራት ዝምራሕ ብምኳኑ መንግስት ናይቶም ትካል ኣሰራርሓ ንምፍታሽ ዘኽእል ሓላፍነት የብሉን:: ስለዝኾነ ኣሰራርሕኡ ብምፍታሽ ንክስተኻኸል ናይ መግባር መሰልን ሓላፍነትን ናይ መራኸቢ ሓፋሽ ‘ዩ ዝኸውን:: ነዚ ‘ውን ዝግባእ ትኹረትን ቦታን ብምሃብ ማሕበራት ስፖርት፣ክለባት ፣ ትካላትን ካልኦት እቲ ጉዳይ ዝምልከቶም ኣካላት ተበፃሒ ብምግባር ምስራሕ ይግባእ::

ዕንቅፋት ፖሊሲ ስፖርት፣ ፀብፃብ ምርመራ ፀገማት ግልፅነት መራኸቢ ሓፋሽ ነቲ ስፖርት ብትኽክል ሽፋን ንከይዋሃብን ኣሰራርሖኦም ብዝግባእ ንከይፍትሹ ከም ዕንቅፋት ተገይሮም ተወሲዶም ‘ዮም:: ሚዛናዊነት ዘይሓለዉ ስራሕቲ፣ ሓደ ሓደ ጋዜጠኛታት እቲ ሞያ ዝሓቶ ባህሪ ብዘይምህላው፣ ብቅዓት ሞያ ምንኣስ፣ ባህሊ ስፖርት ምሽርሻርን እቲ ስፖርት ንከይዓቢ ከምዝገበረን ካብ ተሳተፍቲ ዝተልዓሉ ነጥብታት ‘ዮም::

ሃገር ውሽጢ ስፖርት ዝግበኦ ሽፋን ክረክብን ንቕድሚት ዝሓሸ ንምግባር ምስራሕ ይግባእ ዝብል ሓሳብ ከም ፍታሕ ካብ ተሳተፍቲ ቀሪቦም ‘ዮም:: ካብዚኦም ድማ እቲ ሞያ ዝምጥን ጋዜጠኛ፣ ሚዛናዊ ፀብፃብ፣ ዓውዲ መፅናዕትን ምድላው ፓናል ዘተን፣ ተሓታትነትን ግልፅነትን ምፍጣር፣ ምስ ዝሰልጠኑ ሃገራት ልምዲ ልውውጥ ብምግባር ስፖርት ንምዕባይ ፃዕሪ ምግባር ዝብሉ ሓሳባት ተላዒሎም ‘ዮም::

## የሓ ምስክር ማእኸል ስልጣነ ትግራይ ካብዝኾኑ ቦታታት!

**መኣዲ ጥበብ**

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ኣብ ሃገርና ካብ ዝርከቡ ብዙሓት ሓድግታት ልዕሊ 13 ቕርስታት ኣብ ሕቡራት መንግስራት ትካል ትምህርቲ፣ ሳይንስን ባህልን (ዩኔስኮ) ብዓለም ቅርስነት ተመዝጊቦም ‘ዮም። ቀሊል ዘይብሃሉ ቅርስታት ሃገርና ድማ ኣብ ግዝያዊ መዝገብ ዩኒስኮ ተመዝግቦም ይርከርቡ:: ካብዚኦም ሓደ ዝኾነ ድማ ምስክር ማእኸል ስልጣነ ትግራይ ዝኾነ የሓ ‘ዩ::



ትግራይ ካብ ስልጣነ ድኣማት፣ የሓን ኣክሱምን ጀሚሩ ክሳብ ሎሚ ብውሱን መልክዑ ተኺዒቶም ዝተረኸቡን፣ ብዘይኳዕቲ ብደዎም፣ ቕያን ውፅኢት ስነ-ጥበብን ኢደ-ጥበብን ቐዳምነት ወለድና ዘዝንትዉ ሓወልቲታት፣ መካነ መቓብራት፣ ኣብያተ መንግስታት፣ ቤተ መቕደሳት፣ መሳጊድ፣ ብኢድ ዝተፅሓፉ ዝተፈላለዩ ብራና መፃሕፍቲ፣ ስእልታት ወዘተ፣ ብሓፈሻ ትግራይ፣ ብቐዳሞት ወለድና፣ ጥበብ ስነ-ህንፃን ቅድን ዝተሃነፁ፤ ካብ ከውሒ ዝተፈልፈሉ ልዕሊ 120 ኣብያተ ክርስቲያን ፣ ፅላተ ሙሴ ዝርከበላ ፣ ከምኡ እውን ልዕሊ 7 ሽሕ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዝንቀሳቐሱ፣ ቅርስታት ኣብ ሕቑፋ ከምዘለዋ ኣብ ዝተፈላለዩ መዛግብቲ ተገሊፁ ይርከብ ‘ዩ::

ብፍላይ ጥንታዊ የሓ ሓደ ካብቶም ስልጣነታት ቅድመ ኣክሱም ዝኾነ፣ ማእኸል ስልጣነ ደኣማት ዝነበረ፣ ኣብ ቅድመ ስልጣነ ኣኽሱም ዘመን ናይ ማእኸል ፓለቲካ፣ ንግዲ፣ ጥበብን ሕርሻን ኮይኑ ዘገልገለ፤ ልዕሊ 2800 ዓመታት ፀሓይን ዝናብን ተፃዊሩ ጠጠው ኢሉ ዝርከብን ኣብ ትሕቲ ሰሃራ በረኻ ዝነውሐ ዕድመ ዘቁፀረ ብቅዲ ስነ ህንፅኡ ፍሉይ ዝኾነ ምኩራብ ዝርከበሉ ብጣዕሚ ገዚፍ ተፀኒዑ ዘይተወደአ ቤተ መንግስቲ ዝርከበሉ ጥንታዊ ገዳም ኣቡነ ኣፍፄን ኣቡነ መዝራእተን ዝወነነ ማእኸል ምርምር ስነ ጥንቲ ዝኾነ ን”Best Heritage City Development” ዝተዓደለ ታሪኻዊ ስፍራ ‘ዩ ይብሉ ሓላፊ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ዶክተር ኣፅብሃ ገ/ሄር።

ኣብዚ ናይ ሎሚ ፅሑፍና ብፍላይ ብዛዕባ ጥንታዊ የሓ ክነልዕለሉ ዘደለና ብዘይ ምኽንያት ኣይኮነን፤ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ዓርቢ ዋዕላ ጥንታዊት ከተማ ይሓ ኣብ ከተማ መቐለ ከም ዝተሳለጠ ዝፍለጥ ኮይኑ ኣብዚ ምኽንያት ብምግባር ድማ ገለ ክንብል መሪፅና ኢና::

ቢሮ ባህልን ቱሪዝም ትግራይን ምስ ኢንስቱቲት ስነ ጥንቲ ጀርመንን በዓል መዚ ሓድጊ ኢትዮጵያን ህዝብን ምምሕዳርን ተወለድትን ፈተውትን ልምዓት ጥንታዊት ከተማ ይሓን ከባቢኣን ኣብ ዝተዳለወ ዋዕላ ጥንታዊት ከተማ ይሓን ኣብ ውሽጣ ዘለው ዓሚቕ ትርጉም ዘለዎም ሓድግታት ከመይ ይተዓቀቡ፥ ናብ ቀፃሊ ወለዶ ከመይ ይሰጋገሩ ፥ ብቐፃሊ ብኸመይ ይልምዑን ኣብ ዝብሉ ዛዕባታት ምይይጥ ከምዝተሳለጠ ተፀብፂቡ ‘ዩ ።

ኣብቲ መድረኽ ምይይጥ ዝተረኸቡ ሓላፊ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ዶክተርር ኣፅብሃ ገ/ሄር ይሓ ትግራይ መቦቆል ስልጣነ ክትብሃል ካብ ዘኽእሉ ሓደ ሓወልቲ ‘ዩ ብምባል፤ ብዛዕባ ይሓ ምምካርን ምዝታይን ኣዝዩ ምድንጋዩ ከም ጣዕሳ ወሲድና ሕዚ ግና ምስቲ ኣብቲ ከባቢ ዘለው ካልኦት ሃፍቲ ቱሪዝም ሓዊሱ ኮሪድር ልምዓት ቱሪዝም ንምግባር እናተሰርሐሉ ከምዝኾነ ሓቢሮም እዮም።

እቲ ዋዕላ ኣብ ታሪኻዊ ቦታኡ ይሓ 28 ን29 ግንቦት 2016 ዓ/ም ከምዝሳልጥ ዝሓበሩ ዶ/ር ኣፅብሃ ግደ መዳርግቲ ኣካላት ኣብ ይሓ እጃምና እንታይ ከምዝኸውን ኢልና እንዝትየሉ ፤ ናብ ግብራዊ ልውጢ ምስግጋር ግድን ኣብ ዝብለሉ እዋን ኢና ብፂሕና ዘለና ዝተፈላለዩ ልምዓታት ከምኡ እውን ኣገልግሎት ውሃብቲ መሰረተ ልምዓታት ክህነፁ ይግባእ ብምባል፤ ህዝቢ ሓድገታት ትግራይ ከይጥፍኡን ብውረርቲ ከይዝመትን ብምግባሩ ድማ ዝለዓለ ናእዳን ምስጋናን ከምዘቕሪቡ ትግራይ ‘ተሉብኻ’ን ፀብፂቡ ዩ።

ተወካሊ ማሕበር ልምዓት ይሓ ኣይተ ብርሃነ ሃይሉ ኣብ ስልጣነ ዓለም ብምዕቡል ስራሕቲ መስኖ፥ ብደኒ ዝተሸፈነ ዝነበረ ፥ብኪነ ህንፃ ኣብ ዝለዓለ ብርኪ በፂሑ ዝነበረ ጥንታዊ ስልጣነ ዝተወሃቦ ትኹረት ትሑት ብምኻኑ ኣብዚ ሕዚ በፂሕዎ ዘሎ ብርኪ በፂሑ ክብሉ ብምግላፅ፤ ሕዚ ‘ውን ግዜ ከይሃብካ ኣብ ይሓ ንመስሕብ ቱሪዝም ዝኸውን ምቹው ኩነታት ክፍጠር ይግብኦን ናብ ኢኮኖሚያዊ ረብሓ ብምቕያር ኢሉ ‘ውን ከም መንነት መኽበሪ ክንጥቀመሉ ይግባእ ኢሎም።

ኣብቲ መድረኽ ምይይጥ ይሓ መን እያ፥ ፀጋታት ሓደጊ ይሓን ዕድላትን ፈተናታትን ዝቡሉ ፅሑፋት ቀሪቦም ዘተ ተገይሩሎም ‘ዩ።

ቅርሲ የሓ 700 ዓመት ቅድሚ ልድተ ክርስቶሰ ከምዝትሃነፀ ዝግልፅ ኮይኑ፤ ብ2020 ኣቆፃፅራ ፈረንጂ ኣብ ግዝያዊ መዝገብ ዩኒስኮ ድማ ዝተመዝገበ ምኳኑ ዝዝከር ‘ዩ።

ካብ ጉዳይ ቅርስታት ከይወፃእና ኣብዚ ሰሙን ኣምባሳደር ጣልያን ኦጎስቲኖ ፓለሴን ምስ መሳርሕቶም ናብ ትግራይ ዑደት ዝገበሩ እንትኾኑ፤ ዑደት ካብ ዝገበሩሎም ሓድግታት ትግራይ ኣብርሃ ወ ኣፅብሃ ሓዊሱ ኣብ መንጎ ውቅሮን ጎቦታት ገርዓልታን ዝርከቡ ሓድግታት ከምዝሃወፁ ሓላፊ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ዶክተር ኣፅብሃ ገ/ሄር ኣብ ዕላዊ ማሕበራዊ ገፆም ገሊፆም። ብተወሳኺ ኣብ ድሕረ ኩናት ፅገና ሓድግታትን ማሕበረሰብ ተኮር ልምዓት ቱሪዝምን ትግራይ ሓገዝ ንምግባር ድልውነቶም ኣረጋጊፆምልና ክብሉ ሓቢሮም።

ኣብ መዛዘሚ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ዓቕሚ ብምንኣስን ይኹን ካሊእ ክስራሕ ዝግበእ ብዘይምስራሑ፣ ተፈጥሮኣዊ፣ ባህላዊን ታሪኻውን፣ ሓድግታትና ቅርስታትናን ብዝግባእ ኣብ ዓልም ኣላሊና ካብኡ ክንረኽቦ ዝግበኣና ረብሓ ኣይረኸብናን:: ስለዝኾነ ሓድገታት ትግራይ ይኹን ብሓፈሻ ሓድግታ ሃገርና ኣብ ዓለም ብግቡእ ንክፋለጡ ከምቲ ተጀሚሩ ዘሎ በዕቱብ ክዝተየሉን ክስርሓሉን ይግባእ:: ብፍላይ መንእሰይ ወለዶና ሃፍተ-ገነት ትግራይ ብምርዳእ ዓቂቡ ናብ ረብሕኡ ከውዕል ክረባረብ ይግባእ::